ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.9 | ሓሙስ 10 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቁጠባዊ ዕብየትን፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻእን



ገጽ 4
ትርፊ ዘይብሉ ኩናት ንምንታይ፡

ገጽ 5
ግጥም ኣንጻር ነብሲ



ገጽ 7
ምልክታ

# ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተጸንቢሉ



ፈረንሳ



ዓዲ እንግሊዝ

ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሽወደን፡ ፈረንሳን ኣስትርያን ብድምቀት ተጸንቢሉ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ለንደንን ማንቸስተርን ብ6 መስከረም ኣብ ዘካየድዎ ጽንብል፡ ኣቦ-መንበር ህግደፍ ለንደንን ከባቢኣን ኣቶ ሓድጉ ዑቕባልደት፡ ንታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ባሕቲ መስከረም ኣመልኪቱ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ብክቡር ዋጋ ዝተረጋገጸት ናጽነትን ዝተዋሕሰ ልኡላውነትን ብሰላትን ሓድነትን ምዕቃብ ሓላፍነት ወለዶታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ብወገኖም፡ ኣብ ባሕቲ መስከረም ዝተባርዐት ንጥር ቀልዓ፡ ኑቲ ንመሳሉን ሓርነቱን ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝቃለስ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ብስራት ምንባራ፣ ብኡ መሰረት ድማ መንእሰያት ናብ ሰውራ ውሒዞም መሪርን ሓያልን ብረታዊ ተጋድሎ ብምክያድ ናጽነት ከምዘረጋገጹ ብምጥቃስ፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ድሙቕ ኣሰር ዘለዋ ዕለት ከምዝኾነት ኣዘኪሩ።

“ሓድነትና ምስጢር ዓወትና’ዩ” ዝበለ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ሰሌማን ሓሰን ድማ፡ ሕጂውን ከም ዜጋታት ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ሰንደቕ ተጠሚርና፡ ንዝሃብትኩምና ከሉ ተጻብኦታት ብንቕሓት ክንምክት፡ መድረኽ ዘሰኮምና ሓላፍነት ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ብተመሳሳሊ - ብ5 መስከረም ኣብ ስቶክሆልም ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ኣቦ-መንበር ህግደፍ ኣብ'ታ ከተማ ኣቶ ዘርኣም ኪዳኑ፡ ባሕቲ መስከረም ዕለተ ብስራት ንታሪኻዊ ሕርያን ምስግጋር ናብ ዕጥቃዊ ተጋድሎን ቡቲ ሓደ፣ መሰል ርእሰውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ብነጻ ተረጋጊጹ ክጭፍለቕ ከምዝደሉ ድማ ቡቲ ካልእ ዘማስከረት ዕዙዝቲ ዕለት ምዃና ገሊጹ።

ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቶ የማን ጉብረኪዳን ብወገኑ፡ ብተጻብኦታት ዝተኸልፈ ዕድላት ንምኽላስ ምሉእ ዓቕምና ኣብ ልምዓትን ህንጸትን ሃገር ብምውፋር፡ ሕድሪ ዝቐበልናን ታሪኽ ዘሰርሕናን ወለዶ ኣብ ምምልማል ብሓላፍነት ምውሳእ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት የቶቦሪ፡ ኡፕሳላ፡ ያቭለን፡ ቬስተሮስ፡ ቦርለን፡ ኣስተርሹንድ፡ ኡሬብሩን ካልኦትን ድማ ተመሳሳሊ ጽንብላት ከምዘካየዱ፡ እቲ ዝጽሑፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ፓሪስን ከባቢኣን - ፈረንሳ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 65 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልስን መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ኣብ ዘወደብዎ ድርብ ጽንብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ በርኸት ጳውሎስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ክብሩን ንምጉናጻፍ ብ1 መስከረም ዝጀመሮ ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪርን ጽንኩርን ጉዕዞ ገድሊ ንዝፀኣቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ዘራያቶምን ሰዒሩ ናጽነቱ ከምዘረጋገጸ ኣረዲኡ።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝተማሃረ መንእሰይ ብስእልታት ዝተሰነየ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ብዘይካዚ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣስትርያ ኣብ ዘካየድዎ ጽንብል፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረ-ኮም ኣቶ ዑቕባይ ኣብዩ፡ እቲ ጽንብል ኪኖ ዝኽሪ፡ ሓድነትናን ጥምረትናን ኣትሪርና ንዚያዳ ዕብየትን ብልጽግናን ሃገርና ክንሰርሕ መብጽዓና እነሐድሰሉ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

# ዓንሰባ - ንኣመሓደርቲ ከባቢታትን ኣካየድቲ ስራሕን ስልጠና ተዋሂቡ





ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ ትሸዓተ ንኡሳን ዞባታት ንዝተዋጽኡ 219 ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ከምኡ’ውን ኣባላት ግንባር፡ ሃማደኤን ሃማመተኤን ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ካብ 31 ነሓሰ ክሳብ 4 መስከረም ኣብ ከተማ ከረን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ክእለት ምብህሃልን ምፍታሕ ግርጭታትን፣ ኣፍልጦ ሕግን ሳዕቤናት ጥሕሰቱን፣ ምድላው ውጥን ስራሕን ኣገባብ ኣቀራርባ ጸብጻብን፣ ስታትስቲካዊ ስርዓተ-ሓበሬታ - ኣጠቓቕማኡን ኣተዓቓቕባኡን፣ ምሕደራ ሰባዊ ጸጋታት፡ ንብረትን ገንዘብን፣ ከምኡ’ውን ክእለት ምሕደራ ብሞያዊ ስነ-ምግባር ዝብሉ ዓበይቲ ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ዝነጥፉ ዘለዉ ኣካላት ጽፉፍን ዝተማልአን ኣገልግሎት ምእንቲ ክህቡ፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዝተኮረ ስልጠናታት በብእዋኑ ምውዳብ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ብወገኑ፡ ዝሰልጠነ ዓቕሚ-ሰብ መሰረት ህንጸት ሃገር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግብሪ ክሰርሕሉን ንህዝቦም ብሓላፍነት ከገልግሉን ኣዘኻኺሩ።

# ሚኒስትሪ ጸዓት፡ ኣማራጺታት ጸዓት ንምስፋሕ ብዝለዓለ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ

ሚኒስትሪ ጸዓት፡ ምስፋሕን ምውሓስን ኣማራጺታት ዘቤታዊ ጸዓት፡ ኣብ ምርግጋጽ ማሕበረ-ቁጠባዊ ናብራ ዝለዎ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዝለዓለ ከምዝቕጽሎ ገሊጹ።

ካብ ጨንፈር ምሕደራ ጸዓት ኣቶ ክብሮም ዑቕባዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ከም መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ምምዕባል ሞንን ኣድላይነት፡ ተጠቃምነት ጸሓያዊ ጸዓትን ካልእን ክዋበር ዝጸንሐ ወፍሪ፡ ብዝገልገለ ዘይቲ ሞተረ ማለት ‘ኦልዮ ብርሻቶ’ እትሰርሕ እቶን ንምምማዝ ዝተወሰደ ተበግሶ ኣተባባዒ ኩነታት ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ብ‘ኦልዮ ብርሻቶ’ እትሰርሕ እቶን ንመጀመርያ እዋን ኣብ 2023 ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ንምርኢት ከምዝቐረበት ዝሓበረ ኣቶ ክብሮም፡ ብደረጃ ሚኒስትሪ ሳላ ዝተኻየደ ጻዕሪ ኣብ ሰራዊትን ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ተጠቃምነታ እናዓበየ ከምዝመጸ፣ እዚ ድማ ኣብ ምንካይ ብርሰት ሃብቲ ገረብን ካልእ ወጻኢታትን እጃም ከምዘበርከተ ኣረዲኡ።



‘ኦልዮ ብርሻቶ’ ብጥቡእ ምስ ዘይተሓዝ ከም ኩሉ ንኣከባቢ ዝበክል ጉሓፍ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ሓደ ሊትሮ ክሳብ ሓደ ሚልዮን ሊትሮ ማይ ክበክል ከምዝኽእል፣ ብጥቡእ ምስ እንጥቀመሉ ግን፡ ናይ ምቕጻል ዓቕሙ ምስ ናይ ናፍታ ተመሳሳሊ ስለዝኾነ ጸጋ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ክብሮም፡ ሕብረተሰብ ረብሓታት ናይ’ዛ ወጽኢት ምህዞ ዝኾነት እቶን ተገንዚቡ፡ ብደረጃ ስድራቤትን ዓበይቲ ማሕበራዊ ውራያትን ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀመላ ተላቢዩ።

## ባረንቱ - ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ዝተዓወቱ ተመሃሮ ተሸሊሞም



ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቢሻ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ማለት 'ማትሪክ' ንዝተዓወቱ ተመሃሮኣ ሸሊማ።

ብ6 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ካብ 3 ክሳብ 3.8 ዘመዝገቡ 11 ተመሃሮ ታብሌት፣ ምስኡ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ 4 ተመሃሮ ድማ ላፕቶፕ ተሸሊሞም።

ርእሰ-መምህር ለገሰ ሓድሽ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ውጽኢት ጻዕሪ ተወፋይነትን ተመሃሮ፡ መምህራንን ወለዲን ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ተመሃሮ ንናይ ኮለጅ ትምህርቶም ምድላዋት ንኽገብሩ፡ ምስ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘተኩረ ናይ ምኽርን ማዕዳን መደብ ከምዝካየድ'ውን ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ መንግስቲ ትምህርቲ ንዋሕስን ሓያል ዓቕሊን ተወፋይነትን ዝሓትት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣመዝጊቦሞ ዝለዉ ውጽኢት ብምዕቃብ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ ክጽዕሩ ኣዘኻኺሩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ያሲን መሓመድን ብወገኖም፡ ብሉጻት ንምትብባዕ ዝግበር ጻዕሪ ብኹሉ ኣብያተ-ትምህርቲ'ውን ክስዕብን ቀጻልነቱ ክረጋገጽን ኣተሓሳሲቦም።

ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ቢሻ፡ ካብ 2023 ክሳብ 2026 ብድምር 176 ተመሃሮ ከምዘሰለጠነት ሰነዳት የርእዩ።

## ሰንዓፈ - መደብ 'ንርቃሕ' ንምትእትታው ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ማለት 'ንርቃሕ' ንምትእትታው፡ ንኣብኢታውያን ሓረስቶት፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ሰብ-ሞያ ሕርሻን ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ብ6 መስከረም ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሓረስቶት ብመንገዲ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣቢሎም ናብ መደብ ንኡስ ወሁድ ስድራ-ቤታዊ ሕርሻ ክሰጋገሩን ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ክረጋገጹን ዝዓለመ ምዃኑ፡ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ መንእሰይ ዑቕባይ ሙብራህቶም ገሊጹ።

ብማስመር ዝተዘርአ ሕርሻዊ ቃጽያ፡ ሕጽረት ዝናብ ኣብ ዘጋጥመሉ ወቕቲ'ውን እንተኾነ ፍርያት ክህብ ስለዝኽእል፡ ሰልጠንቲ ንዘቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ቀረብ ሕርሻዊ ፍርያት ከባብኦም ንምርግጋጽን ቁጠባዊ ዓቕሞም ንምዕባይን ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣኪያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ሃብተ ኪዳነ ብወገኑ፡ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ምህርቲ ሕርሻ ካብ ብምግባል ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ብዕቱብ ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንዘቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ብምውዓል ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝሰላሰል መደባት ብዕቱብ ክሰርሑ ድሉዋት ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ከም'ዚ ዓይነት ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሮም።

## ደቡብ ደንካልያ - ባህላዊ ውርሻታት ናብ ወለዶታት ንምስግጋር መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ባህላዊ ውርሻታትን ያታዊ መኖብሮን ሕብረተሰብና ናብ ወለዶታት ንምስግጋር፡ ተራ ኮም ክዓዝዘ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ ዑስማን ጣሂር፡ ብ2 መስከረም ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሲረሩ፡ ምንዲግን ኣላለን ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ባህላዊ ውርሻታት፡ ክብሪታትን ያታዊ መኖብሮን መግለጺ መንነት ስለዝኾኑ፡ ብግቡእ ክወራረስ ምእንቲ፡ ዜጋታት ንቕሓቶም ኣበርኺቶም ብዕቱብ ክሰርሑሉ ጸዊዑ።

ብደረጃ ዞባ ቀዳምነት ተዋሂቡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ዝጠቐሰ መንእሰይ ዑስማን፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብን ምስናድን ክብ ንምባል ምስራሕ፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ከምዝኾነ ገሊጹ።

## ድባርዋ - በረድን ህቦብላን ዝተሓወሶ ዝናብ ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ብ4 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ዝዘረመ በረድን ህቦብላን ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ኣብ ዓዲ-ሕዝባይ፡ እምኒ-ጸለም፡ ዓዲ-ነኹሶን ታኽታን ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ኣውሪዱ።

ብመሰረት ሓበሬታ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ልዕሊ 344 ሄክታር ተዘሪኡ ኣብ ደረጃ ምህንባብን ምሽዋትን በጺሑ ዝነበረ መሽላ፡ ዕፉን፡ ስገም፡ ስርናይ፡ ጣፍ፡ ባልደንግን ዓይኖትርን ከበድ ዕንወት ከወርዶ ከሎ፡ ኣብ ታኽታን ዓዲ-ሕዝባይን ኣብ ኣስታት 25 ሄክታር ለሚዑ ዝነበረ ኣሕምልቲ ድማ ብበረድ ከምእተደምሰሰ ተፈሊጡ።

ገለ ካብ'ቲ ጉድኣት ዝወረዶ ዘራእቲ፡ ዳግም ተሓሪሱ ጥረታት ይዝራእ ከምዘሎ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

## ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ ንሱፐርቫይዘራት ስልጠና ወዲቡ

ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ደቡብ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድራዕ ዝሕግዝ ናይ ሱፐርቫይዘራት ስልጠና፡ ካብ 2 ክሳብ 5 መስከረም ኣብ ከተማታት ደቀምሓረን መንደፈራን ወዲቡ።

እቲ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ንዝተወከሉ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ዝጦፉ ልዕሊ 100 ሱፐርቫይዘራት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ዕላማን ዓይነታትን ሱፐርቪዥን ዘተኩረ'ዩ ነይሩ።

ሞያዊ ብቕዓት መምህራን ክብ ንምባል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዕማም፡ ብቕዓት ሱፐርቫይዘራት ምዕባይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቦመንበር ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ሳምሶን ነጋሽ፡ እቲ ስልጠና ብቕዓት ናይ'ቲ ክካየድ ዝጸንሐ ንጥፈታት ንምርግጋጽ እጃም ከምዘህልዎ ኣዝዩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ምውዳእ ዝያዳ ሓይሊ ከምዝፈጥር ሓቢሮም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ገብሩ ሓድሽ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ስልጠና ንምልውዋጥ ተመክሮ'ውን ባይታ ከምዝፈጥር ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብዘቐሰምዎ ፍልጠትን ተመክሮን ውጽኢታዊ ስራሕ ክሰላስሉ ትጽቢት ከምዝጸበረሎም ገሊጹ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰለሞ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሞልቀ - ሕማማ ዓሶ ንምቁጽጻር ዝተወሰደ ስጉምትታት የድምዕ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ምስ ኮም ብምውህሃድ ዝተወሰደ ናይ ምክልኻልን ፍወሳን ስጉምትታት እወታዊ ውጽኢት ከምእተረኽቦ፡ ሰብ-ሞያ ጥዕና ሓቢሮም።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ነርስ ሙብራህቱ የማነ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ዝተረጋገጸ መልከፍቲ፡ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ ግዜ ክነጻጸር ከሎ ብ56 ሚእታዊት ከምዝጎደለ ብምጥቃስ፡ እዚ ፍረ ናይ'ቲ ዝተወሰደ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ወሁድ ተበግሶታት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ነርስ ሮቤል ብርሃነ ብወገኑ፡ ዓሰውቲ ከባቢታትን ጣንጡ ዝራብሓሉ ቦታታትን ብምልላይ ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ብቐጻሊ ከምዝነጸግ ብምጥቃስ፡ ሰብ ሞያ ብዘካይድዎ ጻዕሪ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምብራኹ፡ ተርእዮ ናይ'ቲ ሕማም ከምዝነቓልቀለ ገሊጹ።

እቶም ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ መወዳእታ፡ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ - ሚኒስትሪ ጥዕና ብዝወሰዶ ስጉምትታት ጥራይ ክሰምር ስለዘይክእል፡ ምምሕዳራትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቦም።

## ኣብ ኣፍዓበትን ከባቢኣን፡ ኣብ መደባት ልምዓትን ቀጸልነቱን ተዘትዩ

ኣብ ኣፍዓበትን ከባቢኣን፡ ገምጋም ትግባረ መደባት ልምዓት ብምኽያድ፡ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኣኼባታት ተቓኒዑ።

እቲ ብኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብን ብሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣቶ ሙሳ ኣድምን ካብ 4 ክሳብ 6 መስከረም ዝተመርሐ ኣኼባታት፡ ብቐንዱ ኣብ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ቀረብ ኤለክትሪሲቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ከምኡ'ውን ኩነታት ክራማትን ሕርሻን ዘተኩረ ነይሩ።

ኣወሃሃዲ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ - ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ዓብዱራሕማን ያዕቆብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ 2024 ዝጀመረ ትግባረ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ካብ ንእሽቶ ቃጽያ ብርኩት ምህርቲ ንምርካብ ዝዓለመ ሜላ ከምዝኾነን ኣተባባዒ ኮይኑ ከምእተረኽበን ብምጥቃስ፡ ኣብ ረብሓታቱ ዘተኰረ መግለጺ ሂቡ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጐስ

## ቁጠባዊ ዕብየትን፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻእን

ሉል ተስፋይ

ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ካብ ዘጋጥም ዓበይቲ ቁጠባዊ ብደሆታት ሓደ፡ ምስ ስእነት ሸርፈ ወጻኢ ዝተሓሓዘ ምኽኑ ይጥቀስ። ሸርፈ ወጻኢ፡ ኣብ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዝጻወቶ ተራ ዓቢ'ዩ። ንቑጠባዊ ድሕረት ዘይማዕበላ ሃገራት ኣመልኪቱ ዝተኻየደ ብርክት ዝበለ መጽናዕትታት ከምዝሕብሮ ድማ ሓያሎይ ዘይማዕበላ ሃገራት፡ ንቕጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ከም ኣካል ቁጠባዊ ፖሊሲታተን ብምጥማት፡ ኣብ ሃገረን ዝፍጸም ወፍሪ ንምሕያል፡ ናይ ግዳም ወፍሪ ከተባብዓ ተራእየን ይራኣያን እየን።

ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ብዘሰዓቦ ደረጃ ሰብኣውን ንዋታውን ዕንወት ብቐዳምነት ዝጥቀስ ኩናት'ዩ። ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ድማ በቲ ኩናት ንዝዓነወ ቁጠባ ሃገራት ኤውሮጳ ንምሕዋይን ንምዕባይን ካብ ዝተሓንጸጸ መደባት ሓደ ማርሻል ፕላን ተባሂሉ ዝጸዋዕ መደብ'ዩ። እቲ ብኣመሪካ ንዳግማይ ሕወየትን ልምዓትን ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ተባሂሉ ዝተበጽሐ መደብ፡ ቁጠባ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ምብርባር ዝውዕል ናይ ቢልዮናት ዶላር ኣመሪካ ሓገዝ ንምሁብ ዝዓለመ ነበረ።

እተን ኣብ እዋን ኩናት፡ ከቢድ ሰብኣውን ንዋታውን ዕንወት ዝወረደን ሃገራት ኤውሮጳ፡ እቲ ኩናት ምስ ተዛዘመ ብሰንኩ ዝጋጠመን ናይ ርእሰማል ሕጽረት ንምሽፋን፡ ካብታ ኣብቲ ኩናት፡ ብውተሃደራውን ቁጠባውን መዳይ ዓንተራ ዝወጸት ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ሓገዝ ክይልያ ንበር ነበራ። ኣመሪካ'ውን ኣብቲ እዋን፡ ኣብ መንጎኣን ሕብረት ሶቭየትን ጃኡፖለቲካዊ ቅልስ ፈኺም ክብል ጀሚሩ ብምንባሩ ኑቲ መደብ ናይ ምትግባር ድሌት ነበራ። ከም ወጻኢቱ'ውን ሃገራት ዓለም ክሳዕ'ቲ ሕብረት ሶቭየት ዝተበታተነትሉ እዋን ኣብ መንጎ ርእሰማላውን ማሕበርነታውን ደምበ ተመቓቒለን ምንባረን ይፍለጥ።

ንማርሻል ፕላን፡ ከም ናይ ዳግመ-ሕውየትን ልምዓትን መደብ ኣብ ምቅራጽ ዓቢ ተራ ዝበርከ፡ ኣብ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ዝሰርሑ ዝነበሩ ዊልያም ኤል ክለይቶንን ከምኡ'ውን ጆርጅ ኤፍ ኬናንን ዝተባህሉ ኣመሪካውያን ዲፕሎማሰኛታት ነበሩ። እዚዎም ዲፕሎማሰኛታት፡ ነቲ ሓሳብ ከንቅልዎ እንከለዉ፡ ንጅኦፖለቲካዊ ረብሓታት ኣመሪካ፡ ኣብ ኤውሮጳን ዓለምን ቀዳምነት ብምሃብ ነበረ። ብርእይቶ ናይዞም ዲፕሎማሰኛታት፡ ኣመሪካ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ ዓለም ዓብላሊ ተራ ክትሕዝ ብፍላይ ከኣ መሻርኽታ ኣብ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ቁጠባዊ ደገፉት ብምግባር ጽልዋኣ ከተዕቢ፡ በቲ ኣብዘን ሃገራት ዝተኸስተ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ድማ ጸጋማዊ ኣተሓሳስባ ዝበርም ማሕበርነታውያን ሓይልታት ናብ ስልጣን ከይመጹ ንምክልኻልን ፋይናንሳዊ ደገፍ ምግባር መሰረታዊ ምኽኑ ዝበልጹ ነበሩ።

ብኽልሱ-ሓሳብናይዞምዲፕሎማሰኛታት ዝተጻልወ ፖሊሲ ኣመሪካ ድማ ብሰም ናይቲ እዋን ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆርጅ ማርሻል ዝተጸውዐ ናይ 13 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ሓገዝ (ብናይ 2026 መጠን ከኣ ኣስታት 150 ቢልዮን ዶላር)፡ ንሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ተዋሂቡ። ብዙሓት ክኢላታት ቁጠባ ምዕራብ ድማ ኑቲ ተመክሮ፡ ኣብ ቁጠባዊ ዳግመ ህንጻትን ልምዓትን ምዕራባዊ ዓለም ናይ ዝተጋብረ ዕወት ቁጠባዊ ወፍርን ሓገዝን መርኣያ ገይሮም የቕርብዎ።

ኣብ መንጎ ግዳማዊ ሓገዝን ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻእን መሰረታዊ ፍልልያት ምህላዉ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ነጥቢ'ዩ። ግዳማዊ ሓገዝ ብማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምኽንያታት ንሓንቲ ሃገር ወይ ኣህጉር ብመልክዕ ንዋት፡ ማል፡ ተክኖሎጂ፡ ተኽእሎን ክኢላዊ ዓቕሚሰብን ብሃገራት ወይ'ውን ኣብኣን ብዝመደበረን ማሕበራትን ውድባትን ከምኡ'ውን ወልቀዚጋታት ዝግበር ደገፍ'ዩ። ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ድማ ካብታ ወፍሪ ዝፍጸላ ሃገር ወጻኢ ብውልቀሰባት ይኹን ትካላት ንዝመንጨወ፡ ኣብ ቁጠባዊ ጽላታታ ዝግበር ንዋታውን ፋይናንሳውን ወፍርታት ምኻኑ ክኢላታት ስነቁጠባ ይጥቅሱ።

ክኢላ ስቁጠባ ስቴፈን ሃይመር፡ ኣብ 1960ታት ዘማዕበሎ ንቐጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ዝምልከት ክልሰ-ሓሳብ ኣሎ። ስቴፈን ሃይመር ኣብ መግለጺኡ፡ "ኣብ መፋርቕ 20 ክፍለዘመን ዝበረ መግለጺ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ብክላሲካዊ ቁጠባዊ ኣጠማምታ ምሒር ዝተጻልወ ምኻኑ የመልክት። እቲ ንቐጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ዝደርኽ ረቛሒታት ከኣ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ንግዳዊ ልውውጥ፡ ኣብ ቁጠባአን ዝኸሰት ለውጢ ከምኡ'ውን ኣብ ዋጋታት ፍርያት ዘፈጥሮ ትርፊ ዝደረኾ'ዩ ይብል።"

ክኢላ ስነቁጠባ ስቴፈን ሃይመር፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ኣገዳሲ ብዘኾኑ ጽላታት ማክሮ-ቁጠባ ጥራይ ከምዘይድረኽ፡ ተወሰኽቲ ደረኽቲ ረቛሒታት 'ውን ከምዝለዉ ይጠቅስ'ዩ። በዚ መሰረት፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ኣብ ዝፍጸሉ እዋን፡ እቶም ወፍሪ ዝገብሩ ኣካላት፡ ኑቲ ወፍሪ ካብ ናቶም ውህሉል መኽሰብ ጥራይ ከምዝተላዕለ ክሕሰብ የብሉን። እቶም ኣውፈርቲ ካብ ሃገሮም ማልን ንዋትን ተለቂሖም ዘኪይድዎ ወፍሪ'ውን እንተኾነ ከም ኣካል ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ክርአ ከምዝለዎ የመልክት።

ካልእ፡ ስቴፈን ሃይመር ዘለዓለሉ ነጥቢ፡ ኣብ መንጎ "ቀጥታዊ ወፍሪ" ከምኡ'ውን "ፖርቶፎልዮ ወፍሪ" ዘሎ ፍልልይ እዩ። ንፍልልይ ናይዘን ክልተ ዓይነታት ወፍሪ ከብርሁ እንከሎ ድማ "ፖርቶፎልዮ ወፍሪ፡ ኣብ ብርኪታትን ቦንድታትን ሃገራት ዝግበር ልኡም ወፍሪ'ዩ። ቀጥታዊ ወፍሪ ግና ዝለዓለ ደረጃ ወፍሪ ብምኽያድ ኣገደስቲ ኢንዱስትሪታት ናብ ምውናን ገጹ ክኸይድ እንከሎ ምኻኑ ይጠቅስ።"

ናይ ወጻኢ ወፍሪ ብምጥቃም ደረጃ ቁጠባአን ኣብ ምምሕያሽ ዓቢ ዕዮ ካብ ዘሰላሰላ ሃገራት ሓንቲ ደቡብ ኮርያ ምኻና ይግለጽ። እቲ ኣብ 1961 መንግስታዊ ስልጣን ዝጨበጠ ጀነራል ፓርክ ቹን ድማ ቀዳማይ መራሒ ደቡብ ኮርያ ዝነበረ ስዩንግማን ርሂ ይኽተሎ ንዝነበረ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ብምቕላስ (መሰረታዊ ለውጢ ብምግባር) ኣብ ዕብየት ቁጠባ ደቡብ ኮርያ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ መራሒ'ዩ።

ጀነራል ፓርክ ቹን ዝተኸተሎ ልምዓታዊ ፖሊሲታት፡ ብመንግስቲ ዝምእዘን ቁጠባዊ ፖሊሲ ኮይኑ ብኣላይነት መንግስቲ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት "ቻይቦል" ምቛም፡ ኣፍራይነት ምድራኽ፡ ወህለላ ምዕባይ፡ ወህደት ህዝበውን ብሕታውን ጽላታት ምጉልባት፡ ኣብ መሰነዕ ወፍሪ ምግባር፡ ምስ ማሕበራት ሸቃሎ ድልዱል ዝምድና ምፍጣር፡ ዲሲፕሊንን ኣፍራይነትን ሰራሕተኛታት ምዕባይ፡ ኣብ ዝተመርጹ ጽላታት ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ምትብባዕ፡ ቁጽጽርን ገምጋምን መንግስቲ ምዕባይ፡ መደባት ኮማዊ ስረት ልምዓት ብሰፊሑ ምትእትታው ዝብል ስትራተጂታት ይርከብዎ።

ጀነራል ፓርክ፡ ኣብ 1960ታት፡ ኣብ ዓበይቲ ናይ 'ፔትሮኬሚካል' ትካላት ከምኡ'ውን ኢንዱስትሪታት ከበድቲ ማሽነሪ ዘቤታውን ግዳማውን ወፍሪ ብምትብባዕ ንዕብየት ጽላት መሰነዕ ደቡብ ኮርያ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ'ዩ። ኣብ እዋን ዝሒል ኩናት፡ ደቡብ ኮርያ ኣገዳሲት መሻርኽቲ ኣመሪካ ብምንባራ ካብ ኣመሪካ ብርክት ዝበለ ንዋታውን ፋይናንሳውን ደገፋት ትረክብ ነይራ'ያ። እቲ ሓገዝ ዘለዎ መፍትሒ ከምዘይኮነ ዝተረድኦ፡ ብጀነራል ፓርክ ዝምራሕ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ከኣ ኑቲ ደገፍ፡ ብቐጥታዊ ወፍሪ ወጻኢን ተኻኢካዊ ሓገዛትን ንኽትካእ ዘድሊ ስትራተጂታት ብምንዳፍ፡ ሕጽረት ማል፡ ተክኖሎጂ፡ ዋኒናዊ ክእለት ከይከሰት ከፊላዊ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ኣማእዚኒ ተራ ተጻዊቱ።

እዘን ዳሕረዎት ዕቑዳት ከኣ ዘይተገደበ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ምስ ናጻ ንግዲ፡ ምስጢጋር መንግስታውያን ዋኒናት ናብ ብሕቲ፡ ምእላይ ኩሉ-ዓይነት ቁጠባዊ ቀይድታት ንሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብልጽግናን ዕብየትን ዘውሕስ ፖሊሲ ምኻኑ በቲ ዓብላሊ ኮይኑ ዝርከብ ሓደሽ ለበራላውነት ዝተሰብከለን እዋን እየን። ዓለማዊ ባንክን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ድማ ኑቲ እንተላይ ክፍሊ ትረዠሪ ኣመሪካ ዝተሰማማዓሉ፡ ጆን ዊልያምሰን ዝተባህለ ስቁጠባኛ ድማ "ስምምዕ ዋሽንግተን" ዝበሎ ስያመ ዝሃቦ ኣጀንዳ ሓደሽ ለበራላውነት ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ንምስግዳድ ክሰርሓ ዝጀመራ እየን።

ከቢድ ሕጽረት ማልን ተክኖሎጅን ዝጸንሐን፡ ዘይማዕበላን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ሃገራት ዓለም ድማ ዚ ዘለወን ሃጓፍት ንምምላእን ካብ ዓለምለኻውያን ፋይናንሳውያን ትካላት ልቓሕ ንምርካብን ክበላ ዘይተገደበ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ናብ ሃገረን ክኣቱ ከፍቅዳ ጸኒሐን እየን። እንተኾነ እቲ ዝተገብረ ወፍሪ ኑተን ሃገራት ካብ ዝፈጠሮ ረብሓ ንላዕሊ ኑየም ኣውፈርቲ ዝፈጠሮ ኣኽሳቢ ኩነታት ከምዝየቢ ይፍለጥ።

ነዚ ኩነት ዝደረኸ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ እዞም ወጻእተኛታት ኣውፈርቲ፡ ኣብተን ሃገራት ኣብ ዝመጽኡሉ እዋን ኣተኲሮኦም ጥረ ነገራት ኣብ ምምዝምዛዝን ሕሰር ዓያይ ዓቕሚሰብ ኣብ ምንዳይን ኮይኑ ስለዝጸንሐ'ዩ። በዚ ኣጋይዳ ከቢድ ጸገም ኪጋጥመን ካብ ዝጸንሓ ኣህጉር ብቐዳምነት ትጥቀስ ኣፍሪቃ'ያ። ኣፍሪቃ፡ ኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ ዓለምለኻዊ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ኣብ ከርሳ ዝርከብ ኣህጉር ምኻና መጽናዕትታት የረጋግጹ። ካብዚ'ን ብዕምርግርን ድኽነትን፡ ብቐዳምነት ዝጥቀሳ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝኾነት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣስታት 23 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ንብረን ብርቅን ማዕድናትን ከምዝርከብ ይጥቀስ።


ካብዚ ጸጋ ክቒደሳ ዝበሃጋ፡ ብርክት ዝበላ ዓበይቲ ስግረ-ዶባውያን ኮርፖረሽናት ምዕቡላት ሃገራት ድማ ብመልክዕ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ወፍሪ ካብ ምኽያድ ኣይበኮራን። እቲ ዝበርአ ወፍሪ ግና ኣብ ልምዓት ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝኸሰብ ለውጢ ከምጽእ ኣይከኣለን። ናይዚ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ ኣብ ምኽዕባት መኽሰብ፡ ምጉሕጓሕ ንጥሪ ነገራትን ምንዳይ ሕሰር ዓያይ ዓቕሚ ሰብን ጥራይ ስለዘድሃበ'ዩ።

ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ተግባራዊ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ተቐባሊት ወፍሪ ዝኾና ሃገራት ካብቲ ወፍሪ ክረኽብኦ ዝኽእላ ረብሓታት ከውሕሳ ይግባእ። ገለ ካብቲ ተቐባሊት ወፍሪ ዝኾና ሃገራት ከውሕስኦ ዘለወን ረብሓታት ድማ ምስግጋር ተክኖሎጂ፡ ምስግጋር ዋኒናዊ ክእለት፡ ምፍጣር ዕድላት ሽቕለት እዩ። እተን ኣብ ተጠቃምነት ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ብኣርኣያ ዝጥቀሳ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ፡ ተጠቂምቲ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ኣብ ዝኾናሉ እዋን ካብቲ ቀጥታዊ ወፍሪ ክረኽብኦ ዝግባእ ዕድላት ኣጸቢቐን ስለዘተግበራ እቲ ወፍሪ ኣብ ምምዝማዝ ንጥረ-ነገራትን ሕሰር ዓያይ ዓቕሚሰብን ጥራይ ከየድህብ ዕቱብ ቁጽጽርን ሜላን ከተግብራ ከምዝኸኣላ ይግለጽ። ከም ወጻኢቱ ድማ ንዜጋታተን ተጠቀምቲ ዝሓሸ ዕድላት ሽቕለት ከምኡ'ውን ወሃንቲ ተክኖሎጅያዊ ፍልጠትን ዋኒናዊ ክእለትን ከምዝኾኑ ብምግባር ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ኣብ ምምዕባል እቲ ሞተር ቁጠባዊ ዕብየት ዝኾነ ጽኑዕ ሃናጺ ተራ ከበርክት ደረኽን።

ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ፡ ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ሃገራት ተኣምራታዊ ለውጢ ከምዝምጽእ ገይርካ ዝቐርብ ኣተሓሳስባ ሓደሽ ለበራላውነት ብመሰረቱ ቅቡል ኣይኮነን። ቁጠባዊ ልምዓት ንምድራኽ፡ ህላወ ወድዓውን ምስ ክዉንነት ሃገራት ዝሰማማዕ ማሕበረ ቁጠባዊ ፖሊሲታት፡ ህንጸት ብቑዕ ክኢላዊ ዓቕሚሰብ፡ ኣብ ርእሰ ምርኮሳ መሰረት ዝገበረ ፖሊሲታት፡ ህንጸት ብቑዓትን ተወዳደርትን ብሕታዊ ጽላት፡ ኣማእዘንቲ ቁጠባዊ ፖሊሲታት መንግስቲ፡ ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ህንጸት ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺ፡ ምድላብ ወህለላ ከምኡ'ውን ምህናጽ ፍትሓዊ፡ ምዕሩይ፡ ኣሳታፊ፡ ዓለማዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓት ኣገደስቲ ረቛሒታት ልምዓት እዮም።

በዚ መሰረት፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ፡ ከም መመላእታ ኣብ ላዕሊ ናይ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ኮይኑ ኣብ ምብርባር ቁጠባዊ ዕብየት ተራ ከምዝለዎ ዘማትእ ኣይኮነን። ነዚ ሃናጺ ተራ ንኽጻወት ግና ኣብ ሓባራዊ ሽርክነትን ሓባራዊ ረብሓን መሰረት ብዝገበረ፡ ንወድዓዊ ማሕበረቁጠባዊ ቀዳምነታት ተቐባሊት ወፍሪ ዝኾና ሃገራት ግምት ብዝህብ መገዲ ምስ ዝህንደስን ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕልን ጥራይ ምኻኑ ምዝኽኻር ኣገዳሲ'ዩ።






**መወከሲ፡** Stephan Haggard: Developmental States

K.Ali Akemik: Industrial Development In East Asia

Joseph Stiglitz: Globalization and its Discontents

# ርእይቶ

## ትርፊ ዘይብሉ ኩናት ንምንታይ፧

ሲራክ ክፍለ

*እዚ መልእኽቲ'ዚ ብቐጥታን ብቐጥታን ናብ መራሕቲ ስርዓት ብልጽግናን ናብቶም ብድሕሪት ኮይኖም ዝልእኽዎም ዘለዉ መሳወርቲ ኩናትን እዩ፡፡*

ኣብ ዞባና ሰለስተ ወለዶ ኣብ ውግእ ዓብዩ፡ ኣብ ውግእ ተሳቲፉ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ተቐቲሎም፡ ሚልዮናት ተዘናበሎም፡፡ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይኮነ ንጃፓለቲካዊ ረብሓታት ርእሰ ሓያላን ከገልግሉ፡ ኣብ ዝወልዕዎ ኩናት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይግብኦ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ፡ ትርፊ ኣይረኸበሉን፡፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ንምእታውን ህዝባ ንምንብርካኽን ብደገፍ መሳርኽቶም 30 ዓመታት ሓኺ ኣለም ዘፍረደዎ ሃገር ኣይኰነን፡፡ ኢትዮጵያ እኹል- ትሩፍ ባህርያዊ ጸጋ እናሃለዋ ዘይናቶም ባሕርን መሬትን ክኹብጡ ሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ኣህለቒም፡ ገዚፍ ሃብቲ ሃገር ኣብ ኩናት ኤርትራ ኣባኺኖም፡፡

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ፡ ብጥዑይ ፖለቲካ ሃገርን ሃገራውነት ሂጸም ህዝቢ ብሰላም ከም ዝነብር ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ባህርያዊ ፍልልያት ህዝቢ ብምጥቃሕ፡ ብትሕተ ሃገራዊ ፖለቲካ ፈላልዮም ግዳይ ሓድሕዳዊ ውግኣት ሞትን መቑሰልትን ሰደትን ገይሮሞ፡፡

ሕጂ እውን ስርዓት ብልጽግና፡ ብጉዳማውያን ሓይልታት ተዓሲቡ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኢትዮጵያ ኩናት ሓድሕድ ኣብሪዑ፡ ለኣኽቱ ብዘዘብዎ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ኤርትራን ሱዳንን ካልኦትን ግጭታት ብምስዓር፡ እዚ ዞባ ኣብ ቀጻሊ ዘይምርግጋእ ከም ዝነብር ንምግባር እዩ ዝሰርሕ ዘሎ፡፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ሓድሕዱ ኮነ ምስ ጎረባብቱ ናብ ኩናት ዝኣቱ ምኽንያት የብሉን፡፡ ምስ ኤርትራ ውግእ እሞ ክሕሰብ እውን ዘይግብኦ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ሓደ ዓይነት ጌጋ ካብ ምድግጋም ዝኸፍእ ድንቁርና የለን፡፡

ካብ ከምዚ ዓይነት ዕንክሊል ናይ ውግኣት ንምውጻእ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ንቕሓት እዩ፡፡ ናይ ታሪኽ መሃይም ምኻን ብቐጻሊ ዋጋ ስለዘኽፍል፡፡

### 30 ዓመት ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት

ዘመናውያን ሃገራት ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ 1890ታት ብምዕራባውያን ገዛእቲ እየን ቀይመን፡፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ግዝኣታት ሃገራት ምዕራብ ኣብ ኣፍሪቃ ኮይና፡ ኣብ 1890 ብኢጣልያ ዝቖመት ሃገር እያ፡፡ ኢትዮጵያ ድማ ሓደት ዓመታት ድሕሪ ምቛም ኤርትራ ብሃጸይ ምኒልክ ቀይማ፡፡ እዚ ማለት ግን ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ስርዓታት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን፡፡ ህዝብታት ዞባና ብዝተፈላለየ መልክዕን ምምሕዳርን ንመዋእል ነቢሮም እዮም፡፡

ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ንሓሙሳት ፍርቂ ዘመን ተገዚኣ፡፡ ኢጣልያ ንኢትዮጵያ'ውን ካብ 1935 ክሳብ 1940 ንሓሙሽተ ዓመት ገዚኣታ እያ፡፡

ኣብ ምጅማር ካልኣይ ኩናት ዓለም ብሪጣንያ ብተሓባበርቲ ኣመራ ንኢጣልያ ሰዒራ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተቖጻጺራተን፡፡ ብኡ ንብኡ ከኣ ብሪጣንያ ኑታ ግዝኣት ጣልያን ዝነበረት ኢትዮጵያ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ኣረኪባቶ፡፡ ንኤርትራ ግን ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣጸኒሓታ፡፡ እዚ ታሪኽ እዩ፡፡

ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ሃገራት ምዕራብ ነተን ግዝኣት ኢጣልያ ዝነበራ ሊብያን ሶማልያን ናጽነት ክረኽባ ኣፍቂደምለን፡፡ ብጥመጽ ኣመራጽን ብሪጣንያን ግን ንህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ነፊጎሞ፡፡ ብሸፈጥ ምዕራባውያን ኣንጻር ድልየት ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኤርትራ ኣብ ሰማዊ ፌደረሽን ካብ 1952 ክሳብ 1962 ምስ ኢትዮጵያ ቁሪኖማ፡፡ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ሃጸይ ሃይለስላሰ ቀስ ብቐስ ንመንግስታዊ ትካላት ኤርትራ ድሕሪ ምብራሱ፡ ኣብ 1962 ብዘይ ሕጊ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፌደረሽን ብኢዱ ወዲኡ ኣፍሪሱ፡ ኤርትራ መበል 14 ክፍለ ሃገር ናይ ኢትዮጵያ ከም እትኸውን ገይሩዋ፡፡ እዚ ታሪኽ እዩ፡፡

ቅድሚ ውሳነ ፌደረሽን ምሕላፉ ኮነ ኣብ ግዜ ፌደረሽን መራሕቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ጥርዓናት የቕርቡ ነይሮም እዮም፡፡ ሰሚዒ እዝኒ ግን ስኢኖም፡፡ ነቲ ዝነበረ ዝበረ ዓመጽ ህዝቢ ኤርትራ ከይዝይቕበሎ፡ ሳዕቤኑ ከኣ ኩናትን ህልቂትን ከም ዝኸውን ኣተንቢሆም፡ ኣጠንቂቖም፡፡ ሽዑ እውን ሰሚዒ ተሳኢኑ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ሰላማዊ መንገዲታት ፈቲኑ መሰል ርእሰ ውሳኔኡ ብፖለቲካዊ ኣገባብ ክረጋገጽ ኣይከኣለን፡፡ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ፡ ንግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቶምን ብቲ ዝርደኦም ቋንቋ ንምምጣም ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ፡፡

ኣብ ገድሊ 30 ዓመት፡ ህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ 65,000 ብሉጻት ደቁ መስዋእቲ ከፊሉ፡፡ ልዕሊ 100,000 ሰላማውያን ኤርትራውያን ተቐቲሎም፡፡ ዓድታት ተቓጺሉ፡፡ ልዕሊ 500,000 ህዝቢ ተሰዲዱ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃ ዝወነሐ ሓርነታዊ ኩናት ድሕሪ ምኽያድን ከቢድ ዋጋ ድሕሪ ምኽፋልን ኣብ 24 ግንቦት 1991 ንሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ካብ መሬቱን ባሕሩን ጸራሪጉ፡ ብቕልጽሙ ናጽነቱ ኣረጋጊጹ፡፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ኣብ 1950ታት ደምጹ ከይሰማዕ ዝተዓፈነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ማለት ተኸቢሩ፡ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ ዝተሳተፉዎ፡ ህዝባዊ ረፈረንደም ብምክያድ፡ 99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ልኡላውነቱ ዕላዊ ገይሩ፡፡ ኤርትራ ኣብ ዓለም እቲ ተነፊገዋ ዝነበረ ግቡእ ቦታኣ ረኺባ፡፡ ብ28 ግንቦት 1993 ከኣ መበል 182 ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይና፡፡ እዚ ታሪኽ እዩ፡፡

### 7 ዓመታት ሰላምን ምትሕብባርን ልምዓትን

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተቓለስቲ ውድባት ኢትዮጵያን ዝነበረ ናይ ቃልሲ ምሕዝነትን ምድግጋፍን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣዝዩ ጽቡቕ ዝምድና ክምስርታ ኣኽኢሉወን እዩ፡፡ ንሸውዓተ ዓመታት ከኣ፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ቅድመኡ ዘይተራእየ ፖለቲካዊ ዝምድናን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን መስሪተን፡፡ ከም መግለጺ ሰናይ ድሌትን ምእንቲ ጽቡቕ ዝምድናን ሓባራዊ ልምዓትን ከኣ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ ወደባት ኤርትራ ክትጥቀም ኣፍቂዱ፡፡ ኢትዮጳውያን ነጋዶ ደማ ማዕረ ኤርትራውያን ነጋዶ ወደባት ኤርትራ ተጠቒሞምሉ፡፡ ብዘይ ፍልልይ ዋጋ፡ ካብ ወደባት ባጽዕን ዓሰብን ክሳብ ዶብ ኢትዮጵያ ኮረደዮ (ጽርግያታት) ኤርትራ ብናጻ ተጠቒሞሙሉ፡፡ ንመዓልቲ ልዕሊ 1000 ናይ ጽዕነት መካይን ካብን ናብን ኤርትራን ኢትዮጵያን ይመላለሳ ነይረን፡፡ ብናጻ፡ ዶባት ክልቲአን ሃገራት ድማ ንክልቲኡ ህዝብታት ክፉት ኮይኑ ናጻ ናይ ሰብን ንብረትን ምንቅስቓስ ተወሳዊዑ፡፡ ደሊዩቲ ሰላም ዝኾኑ መራሕቲ ዓለም ከኣ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ተስፋ ኣፍሪቃ ክብሉወን ጀሚሮም፡፡ ጥዑም ግዜ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ኣብ ሓሳብ ክልቲኡ ህዝብታት ዘይነበረ፡ ብዘንደዕት ውግእ 1998 ድሕሪ ምጅማሩ ኩሉ ሃገር ደው ኢሉ፡፡

ብዛዕባ ኣጀማምራ ኣመዓባብላን ሳዕቤንን ውግእ 1998 – 2000 ኣብ ዝርዝር ኣይንኣቱን፡፡ እቲ ኩናት ናይ ህዝብታት ወይ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘይኮነ ናይ ካልኦት ኣጀንዳ ምዃኑ ግን ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ነቶም ውግእ ዋዛ ዝመስሎም ድማ ብዛዕባ ሳዕቤናቱ ሒደት መዘኻኸሪ ክንጠቅስ፡፡

ኢትዮጵያ ኣብቲ ዳግማይ ኩናት 1998 – 2000 ዓ.ቢ. ዋጋ እያ ከፊላ፡፡ ኣማኢት ሽሕ ወተሃደራት ኣህሊቓ፡፡ ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ኢትዮጵያ ክውዕል ዝግብኦ ዓሰርተታት ብልዮናት ዶላር ናብ ውግእ ፈሲሱ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኤርትራ ንምንብርካኽ ስርዓት ንምቕያርን ዝጀመረ ውግእ ብዘይ ፍረ በርዒኑ፡፡ ዳግማይ ትርፊ ዘይተረኽቦ ኩናት፡፡

ኩናት ሰብ ይበልዕ፡ ንብረት የጥፍእ፡ ቁጠብ ይሃሲ፡፡ ኤርትራ ብሰንኪ እዚ ናይ ክልተ ዓመት ውግእ ኣስታት 19,000 ደቃ ከፊላ፡፡ ኣማኢት ኣሽሓት ዜጋታታ ተመዛቢሎም፡፡ ቁጠባ ኤርትራ ተሃሲዩ፡፡

ኩናት 30 ዓመት ምስ ከቢድ ምረቱን ክሳራታቱን ሓሊፉ፡ ዳግማይ ትርፊ ዘይተረኽቦ ኩናት ደጊሱ፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ ሳዕቤናት ኩናት ከመይ ኢሉ ክኸወሎም ይኽእል፡፡ ኣብቲ ውግእ ዝተሳተፉ፡ ዘኾላሕልሐ ወጽኢቱ ዝረኣዩ ከመይ ኢሎም ሰሚ ዳግመ ውግእ ክሓስቡ ይኽእሉ፡፡

### ውዕል ኣልጀርስን ተስፋ ሰላምን

እቲ ኣብ መዓልታት እንተነውሐ ኣብ ክልተ ሰሙን ክውዳእ ኢና ተባሂሉ ብጉዳማውያን ሓይልታት ልዑል ድርኺት ዝተጓበረሉ ውግእ ክልተ ዓመት 1998-2000 በርዒኑ፡፡ ዘተ ሰላም ኣብ ኣልጀርስ ጀሚሩ፡፡ ኣብ ኣልጀርስ ዘተ እናተኻየደ እንከሎ፡ ካብቲ ትርፊ ዘይተረኽቦ ኩናት፡ ገለ ዓወት ኣመዝጊቡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከርኢ ብዘብል ዕብዳን መጠነ ሰፊሕ ውግእ ኣብ ግንባር ዓሰብ ይካየድ ነበረ፡፡ ዓሰብ ንምቁጻጥ ኣብ ዝተገበረ ውግእ ከኣ ከምቲ ባዕሎም ኣብቲ ኩናት ዝወዓሉ ጀነራላት ዝገለጽዎ ተጨፍጪፎም፡፡ ዕማኾ ሓመድ ኤርትራ ይኹን ንጣብ ባሕሪ ኤርትራ ኣይተረኸበን፡፡ ኣብ መወዳእታ ብቐሰበን ውዕል ሰላም ተፈሪሙ፡ እቲ ጉዳይ ድማ ናብ ሕጋዊ መጋጥኢያ ኣምሪሑ፡፡

ፈረድቲ፡ ነቲ ከም መመሳመሲ ንኩናት ዝቐረበ ዶባዊ ምስሕሓብ ብምምርማር፡ ባድመ ናይ ኤርትራ እዩ ኢሎም ወሲኖም፡፡ እንተኾነ እቲ ወጥሪ ክፀርፍ ኣይተደልየን፡፡ ስርዓት ኢትዮጵያ "ነቲ ውሳነ ብመትከል ይቕበሎ እየ ግን ከኣ እናበለ ..." ን18 ዓመት ኣይውግእ ኣይሰላም ኩነታት ቀጺሉ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ድማ ኢትዮጵያ ብሰንኪ ኩናትን ውሽጣዊ ዕግርግርን ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ኣምሪሓ፡፡

ኣብ 2018 ዝጸንሐ ስርዓት ተቐይሩ፡፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ከኣ ውዕል ኣልጀርስ ብዘይወዓል ሕደር ይቕበሎ እየ ኢሉ፡፡ ተስፋ ሰላም ተመሊሱ፡፡ ዝምድና ናብ ንቡር ተመሊሱ፡፡ ንሱ'ውን ኣይቀጸለን፡፡ ኣፍደገ ባሕሪ ዝብል ዕቡዳን ደጊሱ፡፡ እዚ እውን ሃፀባ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ወይ ናይ መንግስቲ ብልጽግና ኣይኮነን፡፡ ዋናታቱ ካልኦት እዮም፡፡

### ጉዳይ ምጥቃምን ምውናንን ቀይሕ ባሕሪ

ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን 16 ሃገራት ኣፍሪቃ እያ፡፡ ንመጻኢ'ውን ኢትዮጵያ ይኹን እተን ካልኦት፡ ዘውንኦ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይክህልወንን እዩ፡፡ ብሓይሊ ይኹን ብፍቶት ልኡላዊ መሬታን ባሕራን እትረኽብ ሃገር ቅድሚ ሕጂ ኣይነበረትን፡ ብሕጂ'ውን ኣይክትህሉን እያ፡፡ ኣብ ልኡላዊ መሬትን ባሕርን "ሂብካ ምቕባል" ዝብሃል ሃገር የለን፡፡ ልኡላዊ መሬት ዋናኡ ልኡላዊ ህዝቢ ጥራሕ ስለዝኾነ፡፡ ስለዝኾነ ኢና ከኣ ኤርትራውያን "ናትና ኣይንህብን ናይ ካልእ ኣይንደልን" እንብል፡፡

ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ወደባትን መራኸቢ መስመራትን (corridor) ናይ ምጥቃም መሰል ኣለወን፡፡ ምውናን ዘይኮነስ ምጥቃም፡፡ ናይ ጎረቤት ሃገር ወደብ ምጥቃም ብኣህጉራዊ ሕጊ ፍቑድ እዩ፡፡ እዚ እውን ኣፈራራሕካ ዘይኮነስ ብስምምዕ እዩ፡፡ ምጥቃም ናይ ጎረቤት ሃገር ወደብ ናይ ኣህጉራዊ ሕጊ ጉዳይ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ልዕሊ ኩሉ ብዛዕባ ጽቡቕ ዝምድናን ህዝብታትን ሃገራትን ብዛዕባ ሓባራዊ ቁጠባዊ ረብሓን ምትሕግጋዝን እዩ፡፡ ኢትዮጵያ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ካብ 1991 ክሳብ 1998 ብስምምዕ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ወደባት ኤርትራ ትጥቀመሉ ነይራ እያ፡፡ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ካብ እትቐውም ካብ ግዜ ሃጸይ ምኒልክ ክሳብ ሕጂ ወደባት ጅቡቲ ብስምምዕ ትጥቀመሉ እያ፡፡ ናይ ጎረቤት ሃገር ወደባት ብስምምዕ ምጥቃም ሓድሽ ነገር ኣይኮነን፡፡ ንቡር እዩ፡፡

እቲ ዘይንቡር ወደብ ልኡላውያን ሃገራት ብታህዲዶ ብሓይሊ ክምንዝዎ'የ ምባል እዩ፡፡ መራሕቲ ብልጽግና ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ውሽጣዊ ዘይምርድዳእ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፡ ህዝቢ ንምድንጋር ኣፍደገ ባሕሪ ዝብል ጸዋ ጀሚሮም፡፡ ቅድሚ 3 ዓመት ምስ ሶማሊላንድ ዘይሕጋዊ ውዕል ብምግባር ኣምላኽ ዝሃቦ ኣፍደገ ባሕሪ ረኺብና ተባሂሉ ንኣዋርሕ ብዙሕ ዋጭ ዋጭ ተባሂሉ፡፡ ጸኒሑ ከኣ ወደባት ኤርትራ ወይ ብፍቶት ወይ ብሓይሊ ክንምንዝዎ ኢና ተባሂሉ፡፡ ክሳብ ሕጂ ዋጭ ዋጭ ደቢሉ ኣሎ፡፡ መራሕቲ ብልጽግና እንታይ ይብሉ ብዘየገድስ፡ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ይኹን ብፍቶት ሰድሪ መሬት ወይ ንጣብ ባሕሪ ኤርትራ እትረኽበሉ መገዲ የለን፡፡ ኤርትራ ንብዶ ፈኸራን ታህዲድን መራሕቲ ብልጽግናን ተለኣኣኽቶምን ተሪር መልሲ ዘይምሃብ ድኻም ኣይኮነን፡፡ ዓቕምናን ዓቕሚ ዝፍክሩን ኣፀርና ስለ'ንፈልጥ እዩ፡፡

መሬትን ባሕርን ኤርትራ ባዶ ጅግራፍያዊ ቦታ ኣይኮነን፡፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ ካብ ባዶ ታህዲድን መጻልታዊ ፈኸራን ወጺኦም እዚ ሓቂ ክዘንግዕዎ የብሎምን፡፡ ይትረፍዶ ን65 ዓመት ዝተጋደለ ሰለስተ ወለዶ ዘለዋ ሃገር ኤርትራ፡ ይዕበያ ይንኣሳ ሃገራት መሬተን ባሕረን ኣሕሊፈን ኣይሀባን እየን፡፡ ወግሐ ጸብሐ ፈኸራን ታህዲድን ቅድሚ ሕጂ ፍረ ኣይሃበን ብሕጂ'ውን ወጽኢት የብሉን፡፡ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ህወከትን ውግእን ክትኣቱ ኣይድልየታን እዩ፡፡ ኣይፋልን ንዘለ ግን ክትእድቦ ወትሩ ድልውቲ እያ፡፡

**ይቕጽል . . .**

# ሽባብ

ሃማመተኤ


## ሓሳባት

# ግጥም ኣንጻር ነብሲ

*መድረኽ ማና*

መን ምኺንካን እንታይ ክትገብር ከም እትኽእልን ትፈልጥዶ፧ “ኣይክእልን እየ፡” ምባል ምቹእ ሕዛእቲ እዩ። እንተኾነ፡ ንሓደ ነገር ዋላ ነዊሕ እንተ ሓሰብካሉ፡ ብልቢ’ውን እንተ ኣመንካሉ፡ ዘይቅየር ፍጹም ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ። ስለዚ፡ መልሲ’ዚ ሕቶ፡ ከምቲ ንስኻ እትሓስቦ ከም ዘይኮነ ርግጸኛ’የ። ኣብ ነፍሲወከፍ ከተማን ሃገራትን መላእ ዓለም፡ ንነብሶም ከም ግዳይ ዝሓስቡዋን ኣብ ህይወት ዘይፍትሓዊ ነገራት ከም ዝወረዶም ዝኣምኑን፡ ኣብ ፈቓዶ ጐደናታት ዘወን ዝብሉ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ኣለዉ።

እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ናይ ምግባር ዓቕሞም ብዘይ ምፍላጦም ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ዝወደቑ ተንቀሳቐስቲ ሬሳ እዮም። ኣነ’ውን ኣብ ሓደ እዋን ከምኣቶም ምንባረይ፡ ኩነታቶም ይርድኣኒን ብልክዕ እፈልጦን እየ። ዝረብሕ ቀምነገር ንዘይምግባረይ ዝኸውን እልቢ ዘይብሉ፡ ቀሎ ጥጥቕ መመኽነይታታት ዘቕርብ ሰብ ነበርኩ። እምበኣርከስ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ጽንኩር ኩነታት ህይወት እንተ’ለኻ በይንኻ ኣይኮንካን’ሞ ኣጆኻ ኣይትፍራሕ!

ህይወት፡ ብኣሻኹ ኣእዳዋ ራርያትኒ እያ። ብሸጉረይ ምውላደይ ከይኣክል፡ ንብድሆታት ብህልኽ እናገጠምኩ’የ ዓብየ። ተመሃራይ እንከለኹ፡ ብዙሕ ግዜ በደል ወሪዱኒ’ዩ። ክዝክሮ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ‘ባርያ’ ዝብል ዘለፋ ተዘሊፈ። ድኽነት’ውን እንተኾነ፡ ኣይፈልጦን’የ ኣይብልን። ኮታ፡ ሓለንጊ ድኽነት፡ ሕርሕራይ ገይሩ



ገሪፋኒ’ዩ። ብቕዛነት ኣእምሮ ተጠቒዐ ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ህይወት ኣብ ዝነበርሉ እዋን መጻኢየይ ጸልሚቱ ነበረ።

ኣብ ጉዕዞ ህይወት ናብ ታሕቲ ወዲቕካ ምስ ተደርበኻ ዝሰምዓካ ስምዒት ዝፈልጡዎ ሰባት ውሑዳት ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም፣ ኣነ ግን ኣጥዕየ እየ ዝፈልጦን ዝዝክሮን። ውድቀት፡ ሓንሳእ ከረው ኣቢሉ ምስ ሓዘካ፡ ኣይፍንወካን’ዩ። ከም ሰልሚ፡ መመሊሱ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ የስጥመካ። ሓንሳእ ምስ ጸፍዒ ማዕበል ሽግራትካ ተለማሚድካ ክትነብር ምስ እትጅምር፡ ብድሕሪኡ በቲ ማዕበል እናተገፋዕካ ክትከይድ ቀሊል እዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ውሳነታት ካብቲ ምቹእ ዞባ ከም ዘይትወጽእ ይገብሩኻ እሞ፡ ብዙሓት ‘ቀተልቲ’ ውሳነታት እናወሰድካን እናተመሳሰልካን ትኸይድ። ኣብቲ ክፉእ ናብራ ምንባር ትለማመዶ። ኩላትና ልሙዳትን ባዕለ ገደብትን ምርጫታት ንወስድ ሰባት ኢና። እዚ ባህርያውን ኣድማሳውን ሓቂ እዩ።

ኣእምሮ ተተሓሒዝሉ ዝርከብ ሰፊሕ መርበብ ህይወታዊ መትኒ ድማ ናብዚ ሓቂ ዝቐንዐ እዩ። ድርኺት ንበይኑ ዋጋ ዘይብሉ ዝኾነሉ እንኮ ምኽንያት ድማ እዚ ክውንነት እዩ። ዋላ’ውን እቲ ብሉጽ ዝብሃል መነቓቓሒ ኣስተምህሮ፡ ኪንዮ እዋናዊ መፍትሒ ዝኸይድ ትሕስቶ ዘሎዎ ኣይኮነን። ኣነቓቓሒ ዛንታ ጥራሕ ዘሐየላ ህይወት ዛጊት ኣይተራእየትን። ህይወተይ ናይ ባዕለይ ዋኒን ብምኻና፡ ምዕራያን ዘይምዕራያን ኣባይ ጥራሕ እዩ ዝምርኮሰ። ኣነ ካብ ቃንዛ ህይወት ተሳሒለ ዝወጻእኩ ሰብ እየ። ምስ መከራ ስለ ዝተማሓዘኹ ድማ ፈጣሪ ካብ ዝፈጠሮ ዝሰነፈ ሰብ ካብ ምኳን ሓሊፈ፡ ብኣካልን ኣእምሮን እቲ ዝደልደለ ሰብ ክኸውን በቒዐ ኣለኹ።

ካብ ናተይ ዝበልጸገ ድሕረ ባይታ ክህሉወካ ይኽእል ይኸውን፣ ወይ’ውን ኣብ ህይወት ጠጠው ኢልካሉ ዘለኻ ዕላማ፡ ካብ ናተይ ዝተፈልየ ይኸውን። ዝኾንካ ኮን፡ ስድራኻ እንታዎት’ዮም፣ ኣበየናይ ክፋል ዓለም ትቕመጥ ኣለኻ ብዘየገድስ፡ ንስኻ ኣርብዓ ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ውህሉል ዓቕምታትካ ጥራሕ ኢኻ ትጥቀመሉ ዘለኻ። ኣዝዩ ዘሕንኽ ሓቂ!

እምበኣርከስ፡ ሓደ ሓቂ ክነግረካ/ኪ። ኣነ ይኹን ንስኻትኩም፡ ካብዚ ዝበለጸ ክንሰርሕ ዝኽእል ኣኺሉ ዝተርፍ ጸጋታት ኣብ ውሽጥና ከም ዘሎ ንፈልጥዶ፧ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን ናብቲ ተመሃራይ ከለኹ ረጊጸዮ ዘይፈልጥ፡ ኣዳራሽ ማሳቹሰት ኢንስቲቱት ተክኖሎጂ ተዓደምኩ። ቀንዲ ዕላማይ ኣብ ሓደ ዓውደ ዘተ ንምስታፍ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ክገልጾ ዝደሊ፡ ኣብ ከምዚ ቦታታት ክምሃርስ ይትረፍ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ’ኳ ክዛዝም ዝተጸገምኩ ሰብ ምንባረይ ክሕብር እደሊ። እቲ ዘተ፡ ብዛዕባ ‘ኣእምሮኣዊ ጥንካረ’ ምስ ተመሃሮ ንምልዛብ ዝተወደበ ኮይኑ ኣነ ድማ ዕዱም ነበርኩ። ሓደ ካብቶም መግለጺ ዝህቡ ዝነበሩ ፕሮፌሰራት፡ ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ስነ ህይወታዊ ድሩትነት ከም ዘሎዎ ብርእሰ ምትእምማን ክገልጽ ሰማዕኩዎ። “ንሱ ከይትፍንጥስ ዝዓግተካ ተሪር ናሕሲ እዩ። ኣእምሮና ክንዲ ዝሓይለ ይሓይል ፈጺምና ክንገብሮ ዘይንኽእል፡ ብዙሕ ነገር ኣሎ፡” ክብል ኣስመረሉ። እቲ ፕሮፌሰር ብምውሳኽ፡ “ነቲ ጀነቲካዊ ናሕሲ ሓንሳብ ምስ እንበጽሖ ኣእምሮኣዊ ድልዳል ኣብ ምዕሪት ኣይኣቱን እዩ፡” ክብል ወሰኸ።

እዚ፡ ኣብ ስነ ኣእምሮኣዊ ጥንካረ ዘተኮረ፡ ዕድመ ምሉእ መጽናዕትታት ዘካየደ ብዓል ዝና ፕሮፌሰር፡ መግለጺኡ ሰዒቡ ኣብ ኣዳራሽ ፍጹም ጸጥታ ምስፋኑ፡ ሓሳባቱ ፍጹም ተቐባልነት ዝረኸበ መሰለ። ንኣይ ግን፡ ኣስተምህሮታቱ ንስነ ፍልጠት መሳርሒ ዝገበረ፡ ውጹእ ሓሶት ኮነኒ። እዚ ኩሉ ክብሃል እንከሎ፡ “ኣብ ማእከል ምሁራን ሰባት ኣለኹ፡” ዝብል ሓውሲ ነብሰ ምትሓት ስምዒት ስለ ዘዓብለለኒ ብሰቕታ እዕዘብ ነበርኩ። ሓደ ካብ ተሳተፍቲ ግን ዘይዕጉብነተይ ካብ ገጸይ ስለ ዘንበበ፡ ነቲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ዝሰማምዓሉ እንተ ኮንኩ ተወከሰኒ። ንስኻትኩም’ውን ነዚ ሕቶ እንተ ትሓቱኒ፡ ዝሰምዓኒ ክምልስ ምንም ኣይምሓፈርኩን።

“እዚ ክበሃል ዝጸነሐ ስነ ፍልጠታዊ መደምደምታ፡ ገለ ክትብለሉ እንተ ደኣ ኼንካ፡ ካብ ከተጽንዖ ብተግባር ክትነብሮ ኣገዳሲ እዩ፡” ብምባል መግለጺየይ ተለምኩ። ብምቕጻል፡ ናብቲ መግለጺ ክህብ ዝጸነሐ ፕሮፌሰር ብምትኳር፡ “እዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ ኣብ ብዙሓት ሰባት ሓቂ ክኸውን ዝኽእል’ኳ እንተኾነ፡ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ግን ደምዳሚ ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን። ነቲ ዝከኣል ዘይመስል ነገር ክንዓምም ባህጊ ዘሎና፡ ሓደ ሚእታዊት ካብ ደቂ ሰባት ምህላውና ስለምንታይ ይርሳዕ፧” ክብል መለስኩሉ። ዝርዝራዊ ትሕስቶ ዝሓለፍኩዎ ተመኩሮ ድማ ሓደ ብሓደ ተዛረብኩሉ። እቲ በዞም ማእምራን ኢና በሃልቲ ዝተበጽሐ መደምደምታ፡ በቶም ብልቢ ዝቃለሱ፡ ክቱር ባህጊ ዓወት ዘሎዎም ወነንቲ ዕጡቕ ኣእምሮ ብግብሪ ከም ዝብዳህ ኣረጋገጽኩሉ።

ክትውለድ እንከለኻ፡ ዘተንፈስካያ ፋልመይቲ እስትንፋስ፡ እታ ፈላሚት ስጉሚ ናብ ሞት እያ። እዛ ስጉሚ፡ ናብ ዕቤትን ናይ ሓቂ ጅግና ንምኳንን እትበቕዓላ ስጉሚ’ውን እያ። ኣብ ቅድመኻ ተገቲሩ ዝርከብ ዓውደ ውግእ ብዝበቅዕ ንህይወትካ ከተዕጥቕ፡ ኣባኻ ጥራሕ እዩ ዝምርኮሰ። እቲ ቀንዲ ምስጢር ድማ ኣእምሮኻ ምምላኽ’ዩ። እዚ ንብዙሓት ከቢድ ዕዮ እዩ። ዓወትን ብልጽግናን እትትርኣስ ህይወት ንኽትነብር ግን፡ ነዚ ዋጋ’ዚ ንምኽፋል ነብስኻ ከተዳሉ ይግባእ።

ኣነ፡ ከምቶም ኣብቲ ኢንስቲትዩት ዝረኸብኩዎም ፕሮፌሰራት ኣይነበርኩን። ኣነ፡ ኣብ ስልቲ ዓውደ ኲናት ናይቲ ህቡብ ግሪኻዊ ተዋጋኢ ሀራክለተስ ዝርከብ እቲ እንኮ ጅግና ንምኳን ዝመደብኩ ሰብ እየ። ነዚ ሕልሚ ድማ ብተግባር ኣረጋጊጸዮ። ደይቪድ ጎጊንስ ከኣ እብሃል። ዛንታ ህይወተይ፡ ሓደ ፍቱን መገዲ ንነብሰ ምልከት ስለ ዝኾነ፡ ክውንነትካ ክትገጥም፡ ንዘፍርሓካ ከተፍቅር፡ ንቓንዛ ከተሳጉግን ኣብ መወዳእታ ከኣ ብምሉእ ኣኽእሎኻ ንህይወት ክትነብራ ዝምህር እዩ። ሰባት፡ ብምህሮ፡ ኣነባብራን ዛንታን ይቕየሩ እዮም። ሓንሳብ ንናይ ህይወት ቃልሲ ምስ እተበግሶ፡ ዝኾነ ዓይነት ዕንቅፋት፡ ኣብ ህይወትካ ከም ነዳዲ ኮይኑ ናህሪ ክውስኸልካ እዩ። ናህሪ ናብ ዕቤት!

ተዳሊኻ ክትህሉ ተስፋ እገብር። ሕጂ ኣንጻር ገዛእ ርእስኻ ኲናት እትእውጀሉ ናይ ዜሮ ሰዓት ኣኺሉ ኣሎ።

*ምንጪ: ካብ መጽሓፍ፡ “Can’t Hurt Me”*

## ልቦና

# ምንጪ ሓጐስ

ጽቡቕ ስምዒትን ሓጐስን ካብ ውሽጥኻ’ዩ ዝጅምር። ሓደ እዋን ኣብ ቤት ጽሕፈተይ፡ ‘ሰባት ሓጐስ ንምርካብ፡ መገዲ ዓመት ይጓዓዙ። እንተኾኑ፡ ሓጐሲ ኣብ ውሽጦም ምስኦም’ያ ዝነበረት፡’ እትብል ጥቕሲ ኣብ መንደቕ ተለጢፉ ነበረት። ሓንቲ ተገልጋሊት ኣደ፡ ጠለባ ክሳዕ እነሳልጠላ፡ ነታ ጽሕፍቲ ብኣስተንትኖ ከተንባብ ኣስውዓልኩ። ስምዒት እንተ ሂባታ እንተ ኩነት’ውን ሓተትኩዋ። “ቀደም ካብ ዓዲ ከተማ ኣትየ እንተ ተቐሚጠ ፍጹም ሕጉስቲ ዝኸውን ይመስለኒ ነይሩ። ከተማ ኣትየ ኣይተሓጐስኩን። ሱዳን እንተ ከይደ ዝሕጉስ ይመስለኒ ነይሩ፣ ከይደ ኣይተሓጐስኩን። ሱዕድያ ሰጊረ፡ ብእኡ ኣቢለ ዓዲ እንግሊዝ ኣትየ፣ ግን ኣይተሓጐስኩን። ክሳዕ ሕጂ ኣብ ስደት ኣለኹ። እቲ ተሰዲደ ዝረኸቦ ዝመስለኒ ዝነበረ ሓጐስ ኣይረኸብኩዎን። ድሕሪ’ዚ ኩሉ ናይ ኩለል ዓመታት ዝተመሃርኩዎ እንተ’ሎ፡ ኣበይ ኣለኻ ብዘየገድስ፡ ንኽትሕጐስን ዘይክትሕጐስን ኣባኻ ከም ዝምርኮስ’ዩ።”

ጽቡቕ ስምዒትን ሓጐስን፥ ብእትሓስበሉ ኣገባብ፡ ብእትኣምነሉ ኣገባብ፡ ብግብሪ እትቕይረሉ ኣገባብ’ዩ ዝጐላዕልዕ። ሓደ ሓደ መሰረታውያን ጠለባትና ኣብ እንረኽበሉ እዋን፡ ኣብ ጽቡቕ ስምዒት ዘሎ ደስታ ንምኩሮ ኢና። ገለ ካብቲ መሰረታዊ ጠለባት እዚ ዘሰዕብ ንርአ፥

- ብንስነትካ ምሕባን፡ ነብስኻ ምኽባርን ምፍቃርን፣
- እምነትካ፡ መትከላትካን ክብርኻን ብምንጻር፣
- ንኻልኦት ብምፍቃር፡ ብምሕላይ፡ ግዜኻ ብምውፋይን፣
- ብዝተኻእለና መጠን ነብስና ምፍላጥን ምርዳእን፣ ነቲ ዘይፍቶ ወገና እንተኾነ ብምቕባል፣
- ብተውህቦናን ክእለትናን ነቲ ጫፍ ተኽእሎታት ንምብጻሕ ብእምነት ምዕያይ፣
- ብርእሰ-ተኣማማንነት ምፍታን፣
- ናይ ህይወትና ሓላፍነት ምውሳድን ህይወትና ብምሉእ ብምንባርን።

መገዲ ህይወት ዕንቅፋት ዝበዝሖ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ዕንቅፋት ተስፋ ከቑርጽ ኣይግባእን። ዕንቅፋትን ሕማቕ ዕድልን መደልደሊናን መበርትዒናን እዩ። ብዘይ ብእኡ ህይወት ምልእቲ ኣይኩነትን። መምልኢ ዓንኬልና ንግበሮ። ህይወት ብተፈጥሮኣ ዕድላትን ብድሆታትን እያ። ንተፈጥሮኣ ክንቅይሮ ኣይንኽእልን። ገዛእ ርእስና ግን ክንቅይር ንኽእል። ህይወትና ንንበሮ። ሽቶና ንምብጻሕ ስኒ ንንከስ፣ እወታዊ ተበግሶ ክንወስድ ኣይንድሓር። ካብ ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለው ሰባት ነብስና ክብ ኢላ እንተ ርኢናያ፡ ብቕዓት፡ ብልሕን ክእለትን ዝዓጠቐት ኮይና ክትጸንሓና እያ። ሓጐስን ዓወትን ንምጉንጻፍ ድማ ክሕግዘና እዩ።

**ብርዒ ወጋሕታ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣነ ኣመልካቲ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ወይኒ ተዓረ ክፍሉ ናይ ብሕታ ንብረታ ዝኾነ ገዛ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ ፕሎት 58 ፓርሰል POP56 ኣብ 180 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሓደ ክፍሊ ገዛን ሓደ ክሽነን ሓደ ዓይኒ ምድርን ዘጠቓልል፡ ኣብ መሬትን ማይ ኣከቡበን ብቁ/መለለዪ ንብረት 4BRDKM002589/0 ዝተመዝገበ፡ ፍርቂ ብጽሒታ ብዕለት 14/08/2026 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብውህበቶ መልክዕ ስለዝሃበትኒ፡ ካብ ስማ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ኣለኹ ዝብል፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ኣብ ውሽጢ ወርሒ የቕርብ፡ እንተዘየለ፡ ናብ ስመይ ከሰግሮ ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ የማን ተስፋይ ዑቕባላዝጊ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቤል ገብረሂወት በርሀ፡ ኣቦና ገብረሂወት በርሀ ገብረኪዳንን ኣዴና ኣኽበረት ንጉሰ ሃይለሚካኤልን ስለዝዋረፋ፡ ንሕና 8 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኣያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፍጹም ተኽሉ መዝገበ ምግባል ተሪፉ በረኸት ተኽሉ መዝገበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ርእሶም ገብረዝጊ፡ ተኸሳሲ ብዓል ቤተይ ሽሻይ ኣሰፋ ሃይሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ኣሕምልትን እሩይ ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመማትን መጥሓሂኡን
ዓዳጊ፦ ኮለጅ ትምህርቲ ስነ ቋንቋን ዓዲ ቐይሕ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ቀረብ ኣሕምልትን እሩይ ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመማትን መጥሓሂኡን
ኣገባብ ዕድጊ፦ (ክፉት ሃገራዊ ጨረታ)

ኮለጅ ትምህርቲን ስነ ቋንቋን ዓዲ ቐይሕ ንዓመት 2027 ካብ ዕለት 01/01/2027 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ ኣሕምልትን እሩይ ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመማትን መጥሓሂኡን ከምጽእ ስለ ዝደለየ፡ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ብኽብሪ ይዕድም።

ተሳተፍቲ ክማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ኮለጅ ትምህርቲን ስነ ቋንቋን ዓዲ ቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ ኣሕምልትን እሩይ ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመማትን መጥሓሂኡን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ፍቓድ ንግዲ (ሊቸንሳ) ቅዳሕ ናይ 2025 ክሊራንስ ኣ/ው/ሃገር ናይ 2025 ዝተሓደሰ ብዘውሰኸ ቅዳሕ መንነትን ኣቕርብ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማስ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ወይ ደማ ብቁ.ቴሌ 08371388 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ኣብ ካሸር ከፊሎም ቅብሊት ብምምጻእ ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት 30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ደማ ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፡ ሰነዳት ወይ ኣኸፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብወግዒ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ብስርሑ (200,000) ክልተ ሚእቲ ሽሕ ንኣሕምልቲ (100,000) ሚእቲ ሽሕ ከኣ ንገፍሮ በርበረ ብምትሓዝ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ትምህርቲን ስነ ቋንቋን ዓዲ ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣቶ መሓመድዑስማን ኢብራሂም ኣቦመንበር ኮሚቴ ጨረታ
ኣስመራ ኤርትራ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.ኣፊስ 304/308
ቁ.ቴሌ 08371388

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 14 መስከረም ክጅምር ምዃኑ ከተበስር ትፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።
ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270
ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ ናይ ኣጣል ብከሊ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ምስንዳት ባኒን)

ዓዳጊ፦ ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥን ከምኡ'ውን ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጸመማን ከረንን)

ኣርእስቲ ውዕል፦ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)

ኣገባብ ዕድጊ፦ (ክፉት ጨረታ ሃገራዊ)

ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥ ከምኡ'ውን ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጸመማን ከረን) ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከምጽእ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ንዕድም።

1. ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ ኣናይ ኣጣል ብከሊ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ጨውን ምስንዳት ባኒን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቁ.ቴሌፎን 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 06/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 06/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (CPO) 100,000.00 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብስም ኣለም ተኸለ ሃይሉ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044400 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 175-1 ቁ.ገዛ 18 ዝርከብ ናይ ሓፈሻዊ ቬትሮ መሸጥን መጸገንን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት ተስፋስላሴ ደስታ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ሰገዶ ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/05/2034 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣለም ተኸለ ሃይሉ

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ዚ.ፕ 1A116 ፕሎት 39፡ ፓርሰል B፡ ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ዓይነት ገዛ ተራ፡ ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓጋዚ ክፍልታት 2 ዝሓዘ፡ ብመለለይ ቁ.ንብረት 1BRASM012625/0 ብስም ኣፍ/መሓመድ ያሲን ኢብራሂም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ዓብደልቃደር መሓመድ ያሲን

ብስም ትርሓስ ኣረጋይ መለስ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044625 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና – ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ቀሺ ያቆብ ከሰተ በርኸተኣብ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና ሩባ መደሎ ቁ.ገዛ 41 ካብ ዕለት 15/08/2026 ክሳብ ዕለት 15/08/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ትርሓስ ኣረጋይ መለስ

ብስም መዋቲት ሓትኳ ሳራ ገብረእግዚኣብሄር ዱሩይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/02 ጎደና ልብዶግል ነር (ምም/ን/ዞባ ገጀረት) ቁ.ገዛ 14 ዝርከብ ቀንዲ ክፍሊ 4 ተሓጋጋዚት 4 ዘለዎ፡ ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብቁጽጽር ወረቐት 105559 መወከሲ ቁጽሪ 114572 ዝተረጋገጸ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ተስፋገርግስ ገብረእግዚኣብሄር ትኩእ

ኣቶ የሃንስ ኣብርሃም ተስፋሚካኤል፡ ዝተፈቕደለይ ናይ ቋንቋን ኮምፒተርን መሰልጠኒ ንግዳዊ ትካለይ፡ "ስማርት ናይ ቋንቋን ኮምፒተርን መሰልጠኒ ማእከል" (SMART LANGUAGE & COMPUTER TRAINING CENTER) ተባሂሉ ክሰየመለይ ስለዝሓተትኩ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋበና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ከባቢ ሓድሽ ዓዲ፡ ስፍሓት መሬት 57.50 ት.ሜ ብስም ኣዴና ኣፍ/ሓጀር ምሑር ምስጉን ዝፍለጥ ብቁ/መዝገብ 2058/25 የማነ መኮንን፡ ተስፋሁነይ መኮንን ወረስቲ ስለ ዝኾንና 3 ክፍልታት 1 ተሓጋጋዚ ዝርከቦ ገዛ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት/ጽ ካዳስተርን ቤት/ጽ ኖታሪን ሒዙ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምኳንና ንሕብር።

የማነ መኮንን

ብስም መንከስ ካሕሳይ ኣፈወርቂ፡ ብቁ/ፍ.ዋኒን ASL00037393 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓዲ ሸሩም ቁ.ገዛ 25 ዝርከብ ናይ ቤት መሸጣ ኤሌክትሮኒክስ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ዲያና ተስፋኣለም ጎይትኦም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 198-1 ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 30/06/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

መንከስ ካሕሳይ ኣፈወርቂ

ብስም መሓመድነስረዲን ጀዛር ሙሳ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00032585 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ናግራን ቁ.ገዛ 48 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ሰለሙን ተስፋማርያም ሃይሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 114-8 ቁ.ገዛ 15 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

መሓመድነስረዲን ጀዛር ሙሳ

ምርያም ተወልደ እልፈ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ ከባቢ ሰምበል ጎደና "861-195" ፕሎት "263" ፓርሰል/ዞን ASP00016882"ፓርሰል "F" ዝርከብ ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1:003952 ብስም ተወልደ እልፉ ተኸለ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብመሰረት ወለደይ ኣቶ ተወልደ እልፉ ተኸለን ወ/ሮ ብርጭቆ እልፈ ተወልደን ብዕለት 30/03/2026 ኣብ ቅድሚ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ቀሪቦም ብውህብቶ ስለዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤተ ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምርያም ተወልደ እልፈ

ንሕና ወ/ሮ ከድጃ ብርሃኑ መሓመድብርሃንን ወ/ሮ ሳልማ ኑርሑሴን ኢብራሂምን፡ ካብ ዓብደልወሃብ መሓመድ ፍትዊ +6 ዝዓደግናዮ ገዛ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ዚ.ፕ ኮድ 1A167፡ ጎደና ግራት፡ ፕሎት 48 ፓርሰል J ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ. ንብረት 1BRASM022092/0 ዝተመዝገበ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጸም ምኳንና ንሕብር።

ወ/ሮ ከድጃ ብርሃኑ መሓመድብርሃን
ወ/ሮ ሳልማ ኑርሑሴን ኢብራሂም

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ማክዳ ምስ ወላዲታ ንኽትራኸብ

ማክዳ ኣብርሃም እያ ትብሃል። ማክዳ ወላዲታ ኣይትፈልጥን'ያ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ያ ኣብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ (Group home) እናተኣልየት፡ ኣብ ዓዲ ኳላ ዓብያ።

ማክዳ ብዕለት 26/06/1999፡ ኣብ ኣፍዓበት - ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ሰዓት 7፡00 ምሸት ብሸንግና ተጠቕሊላ ከም ዝተረኽበት ሰነዳታ ይሕብሩ። ኣብ'ቲ ሸው ግዜ፡ ማክዳ ብገምጋም ጓል ሰለስተ ሰሙን ኣቢላ ትኸውን ነይራ። እተን ዝረኸብኣ ኣንስቲ ድማ ንመደበር ፖሊስ ኣፍዓበት ምስ ሓበራ፡ ፖሊስ ኣፍዓበት ብወገኑ፡ ነታ ህጻን ተቐቢሉ ብቐጥታ ናብ ሆስፒታል ኣፍዓበት ወሲዱዋ። ህጻን ማክዳ ከኣ፡ ኣብ ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ረኺባ።

ህጻን ማክዳ፡ ኣብ ሆስፒታል ኣፍዓበት ምክትታል ምስ ተገብረላ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተረኪቡዋ። ኮብኡ ንደሓር፡ ክሳብ ጓል ኣርባዕተ ዓመት ትኸውን ኣብ ኣስመራ መናበዪ ዘኽታማት ምስ ተኣልየት፡ ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ዓዲ ኳላ ተሰጊጋ። ኩሉ መዳያዊ ክትትልን ሓልዮትን እናተገብረላ ድማ ክሳብ ጓል 18 ዓመት ትኸውን ኣብኡ ተኣልያ። ኣባል 31 ዙርያ ኲናት ሳዋ ወሪዳ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ምስ ዛዘመት ከኣ፡ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ረኺባ። ኣብ ኮለጅ ሓመልማሎ ብዓውዲ ስነ-ኣዝርእቲ ብዲፕሎማ ተመሪቓ ድማ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ ተመዲባ ተሰርሕ ኣላ።

ማክዳ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዑል ኣድህቦ ሂባ ትጽዕረሉ ዘላ፡ መንነታ ምፍላጥ'ዩ። ወላዲተይ መን'ያ? ስድራቤት ኣደይ መን እዮም? ወዘተ ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ ከኣ፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኣ ናብ ኣንበብቲ ብምሃብ፡ ተበጊሳ ኣላ።

መንእሰይ ማክዳ፡ ብቓላታ ከምዚ ክትብል እያ፡ ንበዓታ ኣሰንያ ትገልጽ - "ወላዲተይ ክደሊ ዘበገሰኒ ምኽንያት፡ ክንዲ ሱብ ኣኺለ ስለዘለኹ መንነተይ ንምፍላጥ እዩ። ሕጂ ከኣ፡ ኣደይ ጸገም ስለ ዝረኸበት ደኣ ገዲፋትኒ እምበር፡ ጸሊኣትኒ ከምዘይኮነት እርድኣኒ እዩ፣ ስለዚ፡ ኣብ ልዕሊ ወላዲተይ ዝኾነ ቂምታ ከም ዘይብለይ ክገልጽ እፈቱ። ወላዲተይ ብሂወት እንተ ደኣ ሃሊያ፡ ሸግረይ ተረዲኣ ክትሓቚፈኒ ብዓልቲ ዓቢዩ ተስፋ'ዩ። ኣንበብቲ ድማ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎም፡ ክሕግዙኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"

ማክዳ ኣስዒባ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ስለ'ቲ ብሂወት ሰሪሩ፡ ተማሂሩ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክትበጽሕ ዝገበሩላ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋንኣ ተቕርብ፡ ብተወሳኺ፡ ኑቶም ኣብ ሂወታ ብሞራልን ካልእን ኣበርክቶ ዝገበሩላ ውልቀ-ሰባትን ፈለጥታን፡ የቐንየለይ ክትብል'ያ ተመስግን።

ዘኽበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ማክዳ ንዛንታኣ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢራትና ኣላ'ሞ፡ ወላዲታ ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለያ። ነዚ ሂቡዩ ዘላ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዋ ብሃንቀውታ ትጽበየኩም ኣላ። ስለዚ፡ ካብ 1998-2000 ኣብ ከባቢ ከተማታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ከረንን ከባቢኣን ዝነበርኩም ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣባላት ሰራዊት፣ ከምኡ'ውን ዝመሳሰል ናይ ህይወትኩም ዛንታ ዘለኩም ወይ ዝሰማዕኩም፡ ብዛዕባ መንነት ማክዳ ሓበሬታ ምስ ዝህልወኩም፡ ብቑጽሪ ቴሌፎናት 07425896 ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትተሓባበሩ ነዘኻኽረኩም።

## ቀዲምካ ምድቃስ ጭንቀት የጉድል



ኣቐዲምካ ምድቃስ ጥዕና ከም ዝህብ ኣውስትራልያውያን ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ኣረጋጊጾምዎ ዘለዉ ሓቂ እዩ። መርትዖ ናይ'ዚ ከኣ፡ ኣቐዲሞም ዝድቅሱን ቀልጢፎም ዝትንስኡን ሰባት ምስ ተነጻጸሩ፡ እቶም ቀዲሞም ዝድቅሱ ዝሓሸ ጥዕና ዘውንኡን ከምኡ ድማ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ብግቡእ ዝዓምሙን ኰይኖም ስለ ዝተረኽቡ እዩ። እቶም ኣውስትራልያውያን መጽናዕቶም ኣብ ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት እዮም ኣካይዶምዎ። ኑቶም ሰባት ከኣ፡ ናይ ድቃስ ልማዶም፡ ኩብደቶምን ኣጠቓቕማ ግዜኦምን ብግቡእ ፈቲሾምዎም። ኣብቲ መጽናዕቲ ከኣ፡ እቶም ልዕሊ ንቡር ኩብደት ዘለዎም (ከራሻት) ሰባት ክንደይ ካብ ግዜኦም ተለቪዥን ኣብ ምዕዙብ ከምዝሕልፍዎ ተመርሚሮም። በዚ መሰረት ከኣ፡ ከራሻት ሰባት ቅድሚ ናብ ዓራት ምኻዶም ኩቱር ተለቪዥን ናይ ምርኣይ ልምዲ ስለዘለዎም፡ ኣብ ድቃስ ከም ዝድንጉዩ ተገሊጹ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፡ ብፍላይ ናይ ድቃስ ጸገማት ዘለዎም ወይ ብስእነት ድቃስ ዝሳቐዩ ሰባት ቅድሚ ምድቃሶም ተለቪዥን ከይርእዩን ኢንተርነት ከይጥቀሙን እቶም ተመራመርቲ መኺሮም ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ ሰባት

ቅድሚ ናብ ዓራት ምኻዶም ግዜኦም ብኸመይን እንታይ እናገበሩን የሕልፍዎ፡ ጥዕና ዘለዎን ዘይተዀላለፈን ሰዓታት ድቃስ ንኽህልዎም ቀንዲ ምኽንያት ከምዝኾነ እቶም ክኢላታት ኣረዲኦም። እዚ ማለት ቅድሚ ምድቃሶም ዝገብርዎ ንጥፈታት ንናይ ድቃስ ኩነታቶም ብቐጥታ ዝጸልዎ ምኳኑ'ዩ። ስለዚ፡ ምሉእ ጥዕናን ዕረፍትን ዘለዎ ሓንጎል ክውንኑ እንተደኣ ኮይኖም፡ እቲ ቀዳማይ ምርጫ ቀልጢፍካ ናይ ምድቃስ ልምዲ ከማዕበሉ፣ ብካልኣይ ደረጃ ድማ ቅድሚ ምድቃሶም ዘሎ ግዜ ብኸመይ የሕልፍዎ ቁጽጽርን ክትትልን ክገብሩሉ ጸዊዖም። ኣብ'ዚ መዳይ ተራን ሓላፍነትን ወለዲ ኣብ ሰዓታት ድቃስ ደቆም ዘለዓለ ምኻኑ ተነጺሩ ኣሎ። ከራሻት ሰባት፡ ኣብ'ቲ ዘለዎም ጸገማት እኹል ድቃስ ምስ ዘይረኽቡ እቲ ሳዕቤን ዝገደደ ስለዝኸውን፡ ደንጉዮም ንኸይድቅሱን ሱሩዕ ናይ ድቃስ ሰዓታት ከምዝህልዎም ኣብ ምግባር ልዑል ናይ ወለዲ ተራ ከም ዘድሊ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ ኣዘኻኺሩ ኣሎ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ፡ ደንጉኻ

ምድቃስ ግዳይ ጸቕጢ ከምዝገብር ተሓቢሩ ኣሎ። ቀዲምካ ምድቃስ ከኣ፡ ዝተማልአ ጥዕና ሂቡ ንዘለካ ጭንቀት ከምዘጉድል ተገሊጹ። እኹል ድቃስ ዘይረኸበ ሓንጎል ክመራመር ይኹን ዕዉትን ዝተማልአን ዕዮ ክፍጽም ስለዘይክእል፡ ብፍላይ ወለዲ፡ ናይ ደቆም ናይ ድቃስ ሰዓታት ክቆጻጸርዎን ብዝተኻእለ ቅድሚ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ምሸት ከምዝድቅሱ ክገብርዎምን ከኣ እቶም ክኢላታት ኣብ መወዳእታ ኣተሓሳሲቦም።

## ቅኑዕ ኣሳድዳ/ኣተኣላልያ ጽፍሪ ኣጻብዕቲ ህጻን

ዝበዝሑ ህጻናት ክውለዱ ከለዉ ነዊሕ ጽፍሪ ኣጻብዕቲ ኣለዎም። በዚ ከኣ ወለዲ፡ እቲ ህጻን ገጹ ከይብሕጮር ይስከፉ። ኑቲ ልምሉም ጽፍሪ ናጽላኦም ቀልጢፎም ክጽርዩ ድማ ይደልዩ። እዚ ግን ድጉፍ ኣይኮነን፣ እቲ ጽፍሪ ካብ ልክዑ ንላዕሊ ምስ ዝሰደድ ኣጻብዕቲ ናጽላ ክደሚ ስለዝኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ኢዱ ፍሉይ ጓንቲ ምግባር ወይ ምሽፋኑ፡ ንኢዱ ናብ ገጹ ንኸየቕርቦ ስለዝሕግዞ ካብ ምብሕጫር ገጽ ክተድሕኖ ትኽእል። እቲ ጽፍሪ ኣጻብዕቲ ቁሩብ እናተረረ ምስ ከደ ግና፡ ክተጽርዮ ትኽእል - ግን ብጥንቃቐ። ናይ ናጽላታት ጽፍሪ ኣጻብዕቲ ቀልጢፎም እዮም ዝዓብዩ። ኣብ ሰሙን ልዕሊ ክልተ ግዜ ክትቆርጾም ኣለካ። ናይ እግሪ ኣጻብዕ ጽፍሪ ግን ብስሩዕ ክጸርን ክሰደድን ዘለዎ'ኳ እንተኾነ፡ ከም ናይ ኢድ ኣጻብዕ ብዙሕ ምክትታል ዝሓትት ኣይኮነን።

እቲ ዝበለጸ ጽፍሪ ህጻን እተልግሰሉ ብጽፍርኻ ብምቅራፍ ወይ ብምቕላጥ እዩ። ኣዝዮም ልስሉሳት ስለዝኾኑ ቀልጢፎም እዮም ዝኣለዩ። ከምኡ'ውን ንእስ ዝበለ ከቢብ ጫፍ ዘለዎ ናይ ህጻን መስደዲ ጽፍሪ ምጥቃም። ብመስደዲ ጽፍሪ ኣብ እትሰድሉ ግዜ፡ ክልተ ሰብ እንተሃለዉ ይምረጽ - እቲ ሓደ ጽፍሪ እናሰደደ እቲ ካልኣይ ድማ ኑቲ ህጻን ካብ ብዙሕ ምውስዋስ





ይሕዙ፡፡ ምስዳድ ጽፍሪ፡ እቲ ህጻን ህድእ ኢሉ ከሎ ማለት ደቂሱ ወይ እናተመገበ ክኸውን ይኽእል። እቲ ጽፍሪ ዝሰድድ ኣካል ድማ ቁርበት ጽፍሪ ከይቆርጽ ወይ ከይቑንጢ እናተጠንቀቐ ብዘይፍርሓት ኢድ ህጻን ብግቡእ ዓትዒቱ ጽፍሪ ክቖርጽ ኣለዎ። ካልእ፡ ጥንቃቐ ብዘተሓወሶ ሜላ፡ ብመልሓስካ እናዳህሰስካ'ውን ኑቲ ልምሉም ጽፍሪ ህጻን ብሰንኻ ቆርጢምካ ክትሰዶ ዝከኣል እዩ።

ስለዚ፡ ሰለስቲኦም ኣገባብ ምስዳድ ጽፍሪ ማለት ብጽፍርኻ ምቕላጥ፡ ናይ ህጻን መስደዲ ጽፍሪ ምጥቃምን ብሰንኻ ምቑርጣምን ውጽኢታውያን እዮም፣ ሓንትስ ጥንቃቐ ኣዘውቲርካ እንተደኣ ተተግቢሮምን ኣደታት ኣዘውቲሮኦምን።

## ኣብ ዕብየት ህጻን ክጉሰዩ ዘይብሎም ነጥብታት

ዘይተመጣጠነ መግብን ተደጋጋሚ ረኽሲን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለ ሚልዮናት ህጻናት ይዕንቅጹ ከምዝለዉ ክኢላታት ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ።

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ዕብየት ህጻን ዓንቀጽቲ ዝኾኑ ነገራት ንምውጋድ ዝቐደ ዘሎ ወፍሪ ናይ ጥዕና ዓቢ ውጽኢት ይሕፈሶ'ኳ እንተሎ፡ ብሰንኪ ሸለልትነትን ሕጽረት ኣፍልጦን ስድራቤታት ግን፡ ዕብየት ህጻናት ክተዓናቐፍ ይርአ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ግቡእ ዕብየት ህጻን ንምርግጋጽ ዝገድሱ ነጥብታት ስለ ዝኾኑ፡ ስድራቤት ፈሊጦም ክተግብርዎም ዘለዎም እዮም፦

1. ህጻን ካብ'ታ ዝተወልደላ ክሳብ ሰለስተ ዓመት፡ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ወርሒ ክምዘን ክኽእል ኣለዎ። ንኽልተ ወርሒ ዝኣክል ናይ ክብደት ለውጢ እንተዘይኣምጺኡ ግን ገለ ጸገም ኣለዎ ማለት'ዩ። ክብደት ዘይመወሰኺኡ ምኽንያት ድማ ሕማም፡ ጉድለት መግቢ ወይ ግቡእ ኣቓልቦ ዘይምርካብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ስሩዕ ወርሓዊ ወሰኽ ክብደት እቲ ቀንዲ ምልክት ሓፈሻዊ ጥዕናን ዕብየትን ህጻን እዩ። እቲ ኣጉዳሲ ናይ ጉዱእ ርእሲ ወርሓዊ ወሰኽ ክብደት እምበር ምስ ካልኦት ህጻናት ብምንጽጻር ዝርእዩ ፍልልይ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ጡብ ምጥባው ካብኡ ኣዘውቲርም ዝርኣዩ ሕማማት ይከላኸለሉን ግቡእ ዕብየቱ ድማ የረጋግጸሉን። ምሉእ ክታቢት ምውሳድ ከኣ፡ ብጉድለት መግቢ ክስዕቡ ካብ ዝኽእሉ ሕማማት ይከላኸለሉ።

2. ኣብ'ተን ቀዳሞት ኣሰታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዕድመ ናይ ህጻን፡ ጸባ ጡብ ንበይኑ ዝበለጸ መግቢ'ዩ። 3. ህጻን ኣብ ኣሰታት ሻዱሻይ ወርሒ ናይ ዕድሚኡ ኣብ ርእሲ ጸባ ጡብ ኣደኡ ካልእ ተወሳኺ መግቢ የድልዮ።

4. ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኡ ህጻን ኣብ መዓልቲ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሽዱሽተ ግዜ መግቢ ክወሃቦ ኣለዎ።

5.ንትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ'ቲ ልሙድ ናይ ስድራቤት መግቢ ሐደት ቅብኣት ከም በዓል ጠስሚ መሳሊ ክውሰኸሎም የድሊ።

6. ኩሎም ቈልዑ ሃብታም ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ' ዘለዎም መግብታት ማለት ከም ጸባ ጡብ፡ ቀጠልያ ኣሕምልቲን ብርቱኳን ዝሕብሮም ኣሕምልትን ፍረታትን የድልዮም።

7. ህጻን ድሕሪ ምሕማሙ ብውሕዱ ንሓደ ሰሙን ኣብ መዓልቲ ሓደ ተወሳኺ መግቢ የድልዮ።

# “ታሪኽ ደለኹም፤ ናብ ታሪኽ ኪዱ”

ER MEDIA

ኣብ ስራውቲ ማይንቱፍ ዝተባህለት ዓዲ ንእሰ ዞባ ሰንዓፌ፡ ኣብ ዓመት 1935 ዝተወልዱ ነፍስሄር ኣይተ ስራጅ መሓመድ ብፈጠራዊ ስውያዊ ንግግሮም ዝፍለጡ ሽማግለ'ዮም ዝነበሩ። ኣብ ዘመነ ንእሰኦም ብደማኦም ዝልለዩ ተሳሓቃይ፡ ጨፋራይ፡ ማሰይናን ረኺብ ተረኺብ ዘረባን ብምንባሮም ብዙሕ ተጸዋዒ ዕላል፡ ወግዒን ዋዛን ገዲፎምልና ኣለው።

እዞም ንዕርፊን ያታኑ ንገሰቶትን ዘንጊን ጕግጠሎም፡ ኣብ መዓልኡ ዘዕርፉዎ በሊሕ ኣቦ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ሳሕቲ እዋናት እናተቐልቀሉ ወሰ ዘብልዎ ዘረባታት ናይ ብዙሓት ተዓዘብቲ ቀልብን ልብን ዝሰልብ'ዩ ዝነበረ። ዘስተንክር ወዘብታት እናኪጋጥም፡ ዝዋም ለባ ኣቦ ካብ ምዝኽርን ዝበልዎ ካብ ምድጋምን ዓዲ ኣይንውዕልን። ንኣብነት'ኳ፡ እታ ኣብ ዑደት ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዞባ ደቡብ ናይ ልቦም ክንኣ ግን ካልእ ኣምሲሎም ዘስምዕዎ እዛ ትስዕብ ንግግር

“... ክቡር ፕረዚደንት፡ ከይትፅንቀፋና፡ ጽርግያ ከይተዓረየ እንተመጺኹም ኣብ ጎናጉዲ ከይትኣትዉና ንፈርሕ ... ካብ ጎዳይፍ ናብ ኣክለ-ጉዛይ ይመጹ ኣለዉ ክብሉና ከለውሲ ኣብዩት ኣብዩት ኣብዩት ክብድና ኢና ንሓቀፍ፡ ኣብ ጸሎት ኢና ንውዕል'ሞ፡ መገዲ ከይተዓረየስ ሓደራ ሓደራ ተንከስ ከይትብሉ። ኣታ ንሽኻ ደፋር ኮይንካ ኢ'ኻምበር፡ ፈራሕ ከምዚ ከማይ ዝሽዶ መገዲ ዲዩ'ሽ ማሰሉኻ”

ሽዑ ዝ ብጥቡብ ዝወጸ ወለላ ዘረባ ሰሚዑን ቁንቁኝኡ ተረዲኡን ዘይሰሓቐ ኣይነበረን፡ ኣውራ ከኣ ፕረዚደንት። እታ ብኤሪ ቲቪ ኣብ መደብ ዜና ዝተማሓላለፈት፡ ካብ ሽዑ ኣብ ኣእምሮና ዝተቐርጸትን ዛንታ ኮይና ዘላን ኣማኒት ዘረባ፡ መን ክርስዓ።

ተውህቦኦም'ዩ። ካብ ፍጻመ ናብ ካልእ ፍጻመታት፡ ካብ ወግዒ ናብ ተባህለን ጸዋታ፡ ካብ ደርፊ ናብ ማሰን ጨፈራን ብዘይ ዓንቀጽ-ዓንቀጽ የውግዑ። ዘረባኦም ክትሰምዕ ክልቀብ፡ ጸዋ ተጀሚሩ ብረዚን ሓሳብን መልእኽትን ክድምደም፡ ካብ ስራ ተሓይኹ ኣይጽግቡን።

ክንዲ ግዞዕ ዝሽውን ጉዳይ ይልዓል ከም ዓለባ ተቐዲድ ይትከቡ፡ መልክዕ ይሕዝ ገጽ ይህልዎ። ናይ ቀዳሞት ልቦናን ኣተሓሳስባን ወዘዕን ዛንታን ይነግር፡ እቲ ግዜን ቦታን ሰብ ዝማእከሉ ምስሊ ይገድፍ። ስርዓት እንዳባ ይትንተኑ ሚላን ሕግን ፍትሕን ካብ ዝኽሪ ተባህለ ይብሃል። ምስ ኣቦይ ስራጅ ዘዕለለ ተዓዲሉ።

ክልተ እዋናት ብቐጻራ ምስ ኣቦይ



ስራጅ ተራኺብና ኔርና። እቲ ቀዳማይ እዋን ኣብ ቦታኦም ማለት ሰንዓፌ ኬድና ረኺብናዮም። ካልኣይ ግዜ ከኣ፡ ናብ ኣስመራ ክመጽኡና ተሰማሚዕናስ ምሳና ቀንዮም። ካብ ኣተዓብብያኦም ጀሚሮም ዘዕለሉና ሰሒድና ድማ ኣፋኒናዮም። ካልእ ግዜ ክንራኸብ ሓሳብ'ኳ እንተነበረ “ሰብን ክሓልፈለይ ይብል፡ ረቢ ከኣ መዓልቱ ይቖጽር” ኮይኑና ዓለም ቀዲማትና።

ካብኦም ንደልዮ እንታይ ከም ዝኾነ ምስ ነገርና “ሰብ ኣይኑብርን'ዩ ታሪኽ'ዩ ዝነብር፡ ከሎኻ እንተ ዘይነገርካሉ ምስ ሞትካ ዝዝክር የለን” ብምባል'ዮም ከኣ ዝፈልጥዎ ዘበለ ክዕዱና ዘይተሓለሉን ዘይረብረቡን። ኣቦና ኣይተ ስራጅ፡ ካብ ንእስኦም ዓርከይ ዝብልዎ ዓርኪ ኣይነበሮምን። ብኣጋ ምስ ወረዙትን ዓበይትን እዮም ዝለግቡ ዝነበሩ። ካብ ኣበዋት ካብ ዝቐሰምዎ ታሪኽ ከዘንትዉልና ከለዉ፡ “ኣርሓ ዝሽውን ኣርሓ ይልሕሰ” ዝብል ምስላ ወሰ ኣቢሎም። ትዕድልቶም ምእካብ ዛንታን ያታን ምንባሩ ገሊጾሙልና። “ታሪኽ ካብ ደለኹም ከኣ፡ ናብ ሰብ ታሪኽ ኪዱ፡ መኪና ዘይትኣትዎ እንተ'ኾነኩም'ውን ብእግርኹም ብጽሕዎ።” ብምባል ንተበግሮና ብዓቢ ኣድናቖት ተቐቢሎሞ።

ወላዲ ኣቦይ ስራጅ፡ ኣይተ መሓመድ፡ ዓስከር ጣልያን ነይሮም ኣብ ዕስክርና ምስ ሞቱ፡ ናይ ስድራ ሓላፍነት፡ ኣደ ወይዘሮ ድሃብ ጺየረንኦ፣ ክንዲ ሰብኣይን ክንዲ ሰበይቲን ኮይነን ደቀን ኣዕበየን። ኣይተ ስራጅ፡ ኑቲ እዋን ምስ ዘክሩ “ኣደይ ላሕሚ ኩሓልብ ዱኳ ትጉብረለይ፡ ጡብ ክሰሕብ ከለኹ ኣብዛ ርእሲ ኣጻብዕተይ ኢዳ ኣንብራ ተሳሕበ፡ ማሕረስ ኩሓርስ ዕርፊ ተጻቕጠ፡ ክዝርእ ከለኹ ጌጋ ትልሚ ከይርኩብ ምስኣ ሐዛ እና ‘ዛርኣትኒ ዓብዩ።” ብምባል ንምሳ ናይታ ክብርቲ

ወላዲት ብሓበን ገሊጾሙልና።

ብሕያዋይ ወላዲ ዝተመርሐን ዝተዓለመን ወላድ ኣደራዕ ክስከም ኣይጽገምን። ኮይኑ ከኣ፡ ናይ ሽዑ ጎምበለ ኣይተ ስራጅ እናሓረሰን እናሓፈሰን፡ ካብ ቃንጃ ብዕራይ ናብ ጸምዲ ጸኒሑ ናብ ክልተ ጸምዲ ኣብዑር ምጥራይ፡ ሓሊፉ ድማ፡ ካብ ብእግሪ ናብ በቕሊ ... ካብ ሻፎ በትሪ ናብ ዘንጊ ንዝዓበየ ካብ ‘ኣታ’ ናብ ‘ኣቱም’ ዝተዘርግሐ መዋእል ኣይተ ስራጅ ክንርዳእ ኣይጸገመናን።

ኣብ ውሽጢ 70 ዓመታት፡ ካብ ዘጥረይዎ ኩሉ መዳያዊ ሰብኣዊ ሃብትን ክብርን፡ እቲ ክሳዕ ዕለተ ሞቶም እናተሳሕለ ዝዘለቐን መለለዪ መንነቶም ዝኾነን ምስኦም ዘይተቐብረን ዕዙዝ ህያብ፡ እቲ ካብ ኣበዋት ወሪሶም ናቶም ብልሕን ፍልጠትን ተመኩሮን ሓዊሶም ናብዚ ወለዶ'ዚ ብስሩዕን ዘይስሩዕን መገዲ ዘውረሱና ትውፊት'ዩ - ይደርፉ ነይሮም ማሰ'ውን ይብሉ፣ ይጭፍሩ ነይሮም ወዒ ዘለዓዕል ቱታ ይድርጉሕዎ፣ ይለሃዩ ነይሮም ይድነቡሉ፣ መድረኽ ምስ ሓዙ፡ ጋግን መናኹብም ከም መናኹብ ኣንበሳ ይኹዕዎ፡ ሃቦን ቅሻረትን ይዓስሉ። ንፈረሰ ዝደናደን ሓይሊ ክሳዕ እዛ ግዜ ሞቶም ምስኦም ነይሩ። ዱልጋ ቀላጽሞም ከይወደቐ፡ ውተግ ክሳዶም ከይሓልቀመ ኣርኪብናዮም።

ምስ ሓይሎም ኣዕሊሎሙና ድምጾም ደወል ከሎ።

*“ብርያ ሀዬ ኢያይ ብርያ ሀየ*
*ኣየኹም ኣየና ዝሰማዕናየ ኣሎና*
*የማይቲ ቤታ ከደት ሓለፈት'ዩ...*

እናበሉ ንዓጸዶ ሞራል ከሰንቑ ከለዉ ዘኪርዎም።

ኣብ ማሕረሱ-

*“ሰናየ ንጎ በሎ ሰናየ ንዓበሎ*
*ማይ መጺኣ እኽለ ማዖ ማይ*
*መጺኣ ማዖ*
*ክሳ ማይ መጺኣ ማዖ ኣሸዓለ ማይ*
*መጺኣ ማዖ*

ክብሉን ኣርሓ ሞራል ረኺቡ ኣእዛኑ ከር ኣቢሉ ማሕረሰ ክጃገኖ እናተራእዩም ኣዕሊሎሙና።

“ሰብ ጥራይ ኣይተኻን እንስሳ እውን ናእዳ ይፈቱ'ዩ” ኢሎሙና እናሰሓቑ።

*“ኤርትራያ ዓደይ ኣቲ ሸዊት ሰ*
*ኣሰየ ኣሰየ ለምለም ኮኣ...*

እዛ ህቡብቲ ጨፈራ ኣብ ጎላጉል ሰመጃና ሕዶማ ኣይተ ስራጅ'ያ። ኣብ ከምዚ ሕጂ፡ ኣብ በዓል ኣምነ ኣምበሱ፡ ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ብመረዋሕ ደምጾም ይደርፉ፣ ሰሙር ድምጺ ተቐበልቲ ተሓዊስዎ ከም ሰርቢ ኑሓሰ ይሃምም። ከምቲ ዝበልዎ ሰብ ኮይናም ኣይኑብሩን፣ እታ ደርፎም ግን ታሪኽ ኮይና፣ ቅርሲ ኮይና፣ ዝኽሪ ኮይና ኣብ ጎላጉልን ሰናጭሮን ሃገር ትሰማዕ ኣላ።

ኣብ ኩሉ ግዜ ብኹሉ ጸቡቕ ተግባር ንዝዘከሩ ኣቦና ረቢ ይርሓሞም! ኣብ ኩሉ በዓላትና ደርፎም እናደረፍና ክንዝክሮም ኢና።

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቡያ ዞባ ማእከል 189 |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበብት |
| 14:25 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 14:55 | ጨራ ጥዕና |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

## ብመን ተረገማ፧

ሓቂ ኣብ ዘረባ
ጉይታ ኣብ ቀረባ
ሸሻይ ኣብ ዛሬባ
ኣብ ዝነበረሉ ጥንቲ
ኣብ ሓጋዮ ኽረምቲ፣
ሓርየታ ማይጨብ ዝገጠሞ፣
ጥረአ ዕምባ
ዝሽተርሸሞ፣
ኩይኑላ እዛ ሃገር
እምባለ ማጠን ረጢባ
ንትሕዝቶኣ ዓዲላ
ኢጋይሻ ኣጸጊባ
ግቡእ ረኺቡ፤

ኣቡነ ፈሊጾስ ለቂቦም ሰንሰለት
ተኣሲሩ ዲያብሎስ
ተባሪኻ መርየት
ብመኣዲ
ተዓንጊላ ዓዲ

... ጉዳ ዓለም ኣይጉዳዳ
መዓስ ተዓዚዳ
ጸሓይ እዛ ኹኹብ
ርሑቕ ዝሰፈራ
ኩፍ ኢላ እንክላ
ንኣ ኣብ ዘርያኣ
ብዑደት ኩሊላ

እንታይ'ሞ ገይራ ብኡኑት!
ብከንቱ ጸዒራ
ዕለት፣ ዓመት
እምባር'ያ ኣቓጺራ
ሃገር ብሃገራ
መዓስ ተቐይራ
ኣብ ግዜ ሂጃራ
ኢጋይሻ ኣንጊዳ
ነብዩ መሓመድ ሂብዋ ናይ ኢዳ

ድሕሪኡ “ሀር” ኣቢላ
ንልግሶ ቐጺላ
እኳ ደኣ
ዝያዳ ቐሲማ
ኣሰፊሓ ዕምማ
ድኹም ሓንገራ
ሩባ ኣሳገራ
ጉላጉል ኣንጠራ
ሸንጥሮ ኣሕኩራ
ኣብ ታባ ኣሰፈራ

ጉዳ፣
ተሓንጋሪ ጥልመት፣
ከም ጭኣታ
ገይሩዎ መስገሪ
በጺሐ ምስ በለ
ላዕሊ ምስ ተሰቕለ
ክንዲ ዘመሰየና
ወሰ ከድኽማ

ግን፣
መን ምስ ረገማ
መን ምስ ኩኑና
ከፉእ ከጋጥሞ፧

መማህር ኣማረ ወልደስላሰ
“መኖሮ” - እኩብ ግጥምታት



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ

5ይ ክፋል

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ

*ዝምዲ ልምዓት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ "ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ" ብዝብል፥ ንናይ ቀደማይን ድሕሪን ናጽነት ንጥፈታት ናይቲ መደብ ዘድህስሱ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣቶ ገብረዝጊ ድማምን ኣብቲ ኽፍሊ፥ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምዕባልን ካሪክለም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ትካቦ ኣይመትን ዝተኻየደ ቃለ መሕትት፥ ብተኸታታሊ ናባኹም እነብጽሖ ዘለና ጽሑፍ እዩ። ኣብ 4ይ ክፋል ትሕዝቶ ናይ'ዚ ጽሑፍ፥ ትምህርቲ ከም መሳርሒ ዜጋታት ብሓደ ወገን ኣብ ማሰርሕ ህዝብን ምዕባለን ሃገር ድማ በቲ ኻልእ፥ ከም ሓደ ካብ ዓበይቲ ኣፍሉድ ተጠማቲ ይሰርሓሉ ምንባሩ፤ እዚ ድማ ምስ ህዝብን ሃገርን ሰልጣ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርከቡ ዜጋታትን ብምዝማድ፥ ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ገምጋም፥ ብወገን ኤርትራ ዕላማ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት 85 ሚእታዊት በጺሑ ዝበል ሓበሬታ ክህሉ እንከሎ፥ ሓበሬታ ዩኔስኮ ግን 77 ሚእታዊት ዝበል ምዃኑ፤ ካብ 2004 ክሳብ 2009 ዩኔስኮ ዘውጽኦ ናይ ሓሙሽተ ዓመት መደብ ማሰረት ብምግባር ድማ ኣብ 40 ሃገራት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኤርትራ መሃይምነት ኣብ ደቀንስትዮ ናይ 14 ሚእታዊት ምቕናስ ምግባራ ከም ዘረጋገጸ፤ ዚ ዘራጉድ ኣብ 2005ን 2006ን ዝሰዓበ ምኻኑ ዝተገልጹ ኣብ ኤርትራ 100 ሽሕ ዝተመዝገቡ ተሳተፍቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ምንባሮም፥ ዘበርህ ትሕዝቶ ምቕራቡ ይዝከር። 6ይ ክፋሉ ይስዕብ፦*

***

**• ፖሊሲ ትምህርቲ ህ.ግ ብዘይ ናይ ዕድመን ጾታን ኣፈላላይ ኩሉ ሰብ ክመሃር መሰልን ግዴታን ምዃኑ ገሊጽኩም። ብዓቢኡ ስሩዕ ትምህርቲ'ውን ስለ ዘሎ፥ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍና ከኣ፥ ብዞዕባ ምስ ስንክልና ዝኑብሩ ዜጋታት ብዓቕሞምን በቲ ዝኽእልዎ መንገዲን ክመሃሩ መሰሎም ምዃኑ ተጠቒሱ ነይሩ። ኣብዚ ግን ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣድማዒ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ ኢልኩምዶ ትኣምኑ፤ ካብዚ ወጻኢ ምናልባት፥ ኣብ ክፍልኹም (ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን)፥ ቀዳምነት ዝወሃቦ ክፋል ሕብረተሰብና እንተልዩ ክተብርሁልና፤**



ኣቶ ትካቦ ኣይመት

**ኣቶ ትካቦ**

"ከምቲ ዝበልኩኻ፥ ኣብዚ እቲ ጽቡቕ ነገሩ፥ 'ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣብ ዝተኸፍተሎም መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ከመይ ይኸዱን ይጥቀሙሉን ኣለዉ፤' ዝብል፥ ግቡእ መልሲ ክወሃቦ ዘለዎ እዩ። ዝሓለፈ ግዜ ንኣብነት፥ ካብ 2000 ጀሚርና ተፍትሽ ኣብ ዝገበርናሉ፥ 90 ሚእታዊት ኣብ መምሃሪ ነቑጣ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ደቀንስትዮ ምዃነን በዚ መንጽር ከኣ፥ ምጣነ መሃይምነት ደቂ ተባዕትዮ ካብ ናይ ደቀንስትዮ ከም ዝውሕድ'ውን ኣረጋጊጽና ኣለና። ኣብዚ መዳይ ነዚ መደብ ብስሩዕ ዝግልገሉሉ ዘለዉ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ኣብያተ ማእሰርቲን ተሃድሶን ምዃኖም ከነጽር እደሊ። ጭቡጥ ዝርዝር'ኳ እንተ ዘይብልና፥ ምስ ክልቲኦም ኣወሃሂድና ክንርእዮ እንከለና ግን፥ መብዛሕትኦም ደቂ ተባዕትዮ መንእሰያትና ኣባላት ምክልኻል ኮይኖም፥ ኣብኡ ስለ ዘለዉ ድማ ዕድል ናይ ትምህርቲ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት ኣብዚ እዋን ዋላ መጽናዕቲ እንተ ዘይተገብረ፥ ደቀንስትዮና ድሕሪት ስለ ዝጸንሓ ማዕረ ኣሕዋተን ደቂ ተባዕትዮ ንኽርክባ ቀሪብና ኣለና። ክሳብ ሕጂ ግን፥ ኣብ ኩሉ ኵርናዓት ሃገርና ማለት ኣብ ከተማታት ይኹን ገጠራት ኣብ ደቀንስትዮ ኣተኩርና ክንገብሮ ዝጸናሕና ቃልሲ ምጥፋእ መሃይምነት፥ ምሉእ ብምሉእ ተዓዊትናሉ ኣይንብልን ኢና። ምኽንያቱ ከምቲ ዝተጠቕሰ ዕድል ዘይረኸባ ደቀንስትዮ ስለ ዘለዋ። ነዚ ድማ ዝመሃራሉ ኩነታት ክፍጠር ንሰርሓሉ ኣለና።

"ስለዚ ካብዚ ብምብጋስ፥ ናይ ቀዳምነት-ቀዳምነት ዝኾና ደቀንስትዮ ክኾና እንከለዋ፥ ካልኣይ ከኣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት፥ ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ካብ 15 ክሳብ 24 ዓመት ዝዕድመኦም ዕድል ናይ ትምህርቲ ዘይረኸቡ መንእሰያት'ውን ብብዝሒ ኣለዉ። እዚኦም ድማ'ዮም ነዚ ንደኽመሉ ዘለና መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ምሉእ ብምሉእ ንኸይንዕወተሉ ዝዕንቅጹ ዘለዉ። ከምቲ ዝገለጽክዎ ነዚን ክንድዚን ብንጹር ንምፍላጥ፥ መጽናዕቲ ነካይድ ምህላውና ጠቒሰ ነይረ። እዛ ነካይዳ ዘለና መጽናዕቲ፥ ክንደይ ዝኾኑ እዮም እቶም ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ዘለዉ ዜጋታት ንምንጻር ክትሕግዘና'ያ ዝብል እምነት ኣሎና። ይኹን'ምበር፥ ሕጂ እንተኾነ'ውን እቶም ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዘለዉ'ዮም ዒላማና (ታርጌትና)። ነዚ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጽሖ ድማ ንሰርሓሉ ኣለና።


"ብዓቢኡ ኸኣ፥ እቶም ሰበኽ ሳግማዊ ማለት ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ህይወቶም ዝመርሑ ዜጋታት፥ ነቑጣ መምሃሪ ትምህርቲ ንዓበይቲ ናብ ዝተደኮነሉ እናተጓዕዙ'ዮም ክሳብ ሕጂ ክመሃሩ ጸኒሖምን ዘለዉን። ነዚ ንምፍታሕ፥ ከመይ ገይርና ተንቀሳቓሲ ዝመስል ኣገልግሎት ትምህርቲ ከፊትና፥ ደድሕሪኦም ማለት እግሪ እግሮም እናሰዓብካ (እናኸድካ) ከም ዝመሃሩ ይግበር ክሕሰበሉ ዘለዎ እዩ። እቶም ካብ ገለብ ናብ ሽዕብ ዝንቀሳቐሱ ከም ኣብነት እንተ ደኣ ወሲድና፥ ኣብዚ ብቐዳምነት ክጥመታ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ እየን። ነዚኦም ከመይ ገይርካ ኢኻ ምስ ክልቲኦም ዞባታት (ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን) እናወሃሃድካ ትሰርሕ፥ ግብሪ ዝጠልብ ዕማም'ዩ። ካልእ፥ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ኮይኖም ኣብ ዓዶም ምጥፋእ መሃይምነት ብቐትሪ ዝወሃቦም ኣለዉ። ብምሸት ክመሃሩ ዝደልዩ'ሞ፥ ሓገዝ መብራህቲ ማለት ሶላር ዝሓትቱ ኸኣ ኣለዉ። ደቂ ተባዕትዮ ውሑዳት ይኹኑ'ምበር፥ መሃይምነት ዘየጥፍኡ ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ስለ ዝርከቡ ድማ፥ እዚ ካብቲ ልዑል ግምት ዝወሃቦ'ዩ።"

**ኣቶ ገብረዝጊ**


"ፖሊስና፥ 'ኣተኩሮ ካብ እዋን መግዛእቲ ጀሚሩ ዋላ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ምስ ዝነበሮ ከቢድ ጾርን ካልእን ተደማሚሩ ናይ በሓቂ ተረሲዑን ዕድላት ትምህርቲ ከይረኸበ ዝጸንሐን ርሑቕ ገጠራትን ከባቢታትን' እዩ ዝብል። ኣብዞም ዝተጠቕሱ ከባቢታት ዕድል ትምህርቲ እንከለዎም፥ ዝተሃሰዩ ነቲ ዕድል ከይተጠቕምሉ ዝጸንሑ መሃይማን ቈልዑ፥ ኣቦታትን ኣደታትን መሃይምነቶም ከጥፍኡ ምግባር ናብኦም ዝቐንዐ እዩ። ክሳብ ሕጂ ከነካይዶ ዝጸናሕና ጻዕሪ ኸኣ፥ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ከባቢታት፥ ኣዝዩ ተስፋ ዝህብ ደረጃ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።


"እዚ ከምዚ እናኾነ፥ ኣብ ዝሓለፈ ተደጋጊሙ ከምዝተጠቕሰ፥ ዝተፈላለየ ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ፍሉይ ቈላሕታ ሂብና ክሳብ ሕጂ መደብ ብዘይምውጻእና፥ ጸገም እዩ። ሓደ ሃጓፍ ኣሎና። ናትና መደብ ንዓበይቲ ጥራይ ዘይኮነ፥ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ እውን እንተኾነ ከምኡ ዓይነት ብድሆታት ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ ከመይ ገይርና ንዋሳእ እውን ተዘንጊዑ ኣይኮነን። ናይ ዝሓለፈ ሓሊፉ'ዩ። ሕጂ ግን፥ ብፍላይ ፍሉይ ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት፥ ቈላሕታ ተዋሂብዎም ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ናይ ዓበይቲ፥ ዕድላትን ባይታን ትምህርቲ ክወሃቦምን ክጣጣሓሎምን ጻዕርታት ይግበር ኣሎ። እንተ ዘይኮይኑ፥ እቶም ዕድል ክረኽቡ ዝኽኣሉ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝሰንከሉ ይኹኑ ካልኦት ስንኩላን ናይ ትምህርቲ ዕድሎም ክፉት እዩ። ኣብዚ ብፍላይ ኩብርሃ ዝደሊ ነጥቢ፥ ልክዕ እዩ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ከምቲ ዝድለ ተበግሶ ተወሲዱሉ ክሰረሓሉ ኣይጸንሐን። ካብኡ ናብኡ ብፍላይ ንናይ ዓይነ ስዉራን፥ ጽሙማን ናይ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዕድላት ፈጢርና ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ሕጂ ግን ንዓበይቲ ይኹን ንኣሽቱ፥ ዕድላት ክፍጠር ፍሉይ ቈላሕታ ተዋሂብዎ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዩ።

"እዚ ክብል እንከለኹ ግን፥ ዘሎ ኣቓልቦና ጸቒጥና ድማ እንሰርሓሉ ዘለናን፥ ዕድላት ከይረኸበ ዝጸንሐ መንቋሕቋታ ናይ ትምህርቲ ዘይጸንሖ ርሑቕ ከባቢታት እዩ። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ናጽነት እውን ዝቐጸለ፥ ርሑቓት ዝበሃሉ ግን ከኣ ዕድል ትምህርቲ ዝረኸቡን ከባቢታት ብዙሓት ምንባሮምን ምህላዎምን ምዝካር የድሊ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ዝጸንሐን ዘሎን ከኣ፥ ዕድላት ከይረኸበ ዝጸንሐ እውን ኣሎ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ኣተኩሮና ናብኡ ገይርና ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ናይ ዓበይቲ፥ እቲ ትምህርታዊ ንጥፈታት ደፊኡ ጽቡቕ ናይ ምዕባለ ገስጋስ የርኢ ኣሎ። ከምቲ ዝተጠቕሰ ኣብ ከም ናይ ብዓል ሃበሮ፥ ማይምነ፥ ወዘተ ትምህርታዊ መደባት ናይ ዓበይቲ ይኹን ናይ ንኣሽቱ ጽቡቕ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። እዚ ድማ ናይ በሓቂ እቲ ማሕበራዊ ለውጢ ከመይ ከም ዝግስግስ ኣብኡ ዝረኣየካ ብዙሕ ነገር ኣሎ። ስለዚ፥ ነቲ መደብ ብምልኣት ንምዕማም፥ ዘለና ጋግን ሃጓፋትን ኣለሊና ንምጽባብ ብሓፈሻ፥ ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸበ ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ፍልልይ ንምምዕርራይ፥ ደቀንስትዮ ድሕር ኢለን ስለ ዘለዋ፥ ናብኣን ዘተኮረ መደብ ከኣ፥ ካብቲ ዓቲብና እንሰርሓሉ ዘለና መደብና እዩ።"



ኣቶ ገብረዝጊ ድማም





**ይቕጽል...**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቡብ - ውድድር ኵዕሶ ሰኪዐት ተዛዚሙ

ብምኽንያት 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ 31 ኑሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝጀመረ ግጥማት ኵዕሶ ሰከዐት ዞባ ደቡብ፡ 6 መስከረም ተዛዚሙ።

እዚ ብፌደረሽን ኵዕሶ ሰከዐት ዞባ ደቡብ ተወዲቡ ኣብ መንጎ 8 ጋንታታት ናይ ንኡሳን ዞባታት ክተየድ ዝቐየ ውድድር፡ ክልተኡ ጾታታት ዘሳተፈ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ሳትረብ ናይ ንኡስ ዞባ ደባርዋን ጋንታ ዓረርብ ናይ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕን ኣብ መዛዘሚ ተጻዊተን። ሳትረብ ከኣ 47ብ40 ተዓዊታ። ጋንታ ወገራት ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ተሸላሚት ኑሓስ መዳልያ ኮይና።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ብዘኣከቡቶ ነጥቢ ዋንጫ ናይ ምውሳድ ልዑል ተኽእሎ ዝነበራ ጋንታ እምባልዳይ ናይ ደቀምሓረ ምሸታ ትሑት ዕድል ሒዛ ዝቐረበት ጋንታ ወገራት ናይ መንደፈራ ተረኺባ። እምባልዳይ ድማ ብጸቢብ 61ብ59 ስዒራ። በዚ ድማ ዓረርብ ናይ ንኡስ ዞባ ዓዲ ቀይሕ ካልኣይቲ፡ ወገራት ከኣ ሳልሰይቲ ኮይነን ዛዚመን። ዝተዓደለወን ገንዘባዊ ሽልማት ድማ ተቐቢለን።

ብዘይካዚ፡ ተጻዋቲት ደባርዋ ልዋም ተስፋሚካኤል 124 ሽቶ (ስኮር)፡ ተጻዋታይ ዓዲ ቐይሕ ኣልኣዛር ኣሕፈሮም 224 ሽቶ (ስኮር) ዝለዓለ ኣመዝጋቢ፡ ብምኳኖም ገንዘባዊ ሽልማት ተቐቢሎም።

ተጻወትቲን ኣለይትን ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብዘርኣይዎ ዘይስፖርታዊ ስነምግባር ከኣ ብፌደረሽን መቕጻዕቲ ከምዝተበየነሎም፡ ወከልቲ ዜና ዞባ ደቡብ ሓቢሩ።



## ስፖርታዊ ውድድር ንዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቀጺሉ

ኣብ ዞባ ማእከል ንዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝሰላሰል ዘሎ ዝተፈላለየ ዓይነት ውድድር፡ ትማሊ'ውን ቀጺሉ።

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ካብ ዝተኻየደ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ግሁተብ (ገጀረት) ንዓረርብ (ጉዳይፍ) 2ብ0 ክትስዕር እንከላ፡ ሽሻን መብራህቱ ናይ ጋንታ ግሁተብ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ።



ሓወልዕ (ደንደን) ከኣ ንጸበራ (ዕዳጋ ሓሙስ) ብገፊሕ 8ብ0 ስዒራታ፤ ኣባ ኣልሃም ዓብደልቃድር ድማ ብልጽቲ ተባሂላ ተሸሊማ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሳትረብ (ሰምባል)ን ዜሮ (ኮ/ዘ/ጥራትን ኤርትራ)ን ኣብ ምድብ ግዜ 0ብ0 ድሕሪ ምፍልላዮም፡ ሳትረብ ብፍጹም ቅላዕ 5ብ4 ተዓዊታ። ሓላዊ ልዳታ እሰይ ተስፋዝጊ ከኣ ብልጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ጸወታ ቀብርወእት (ኣዱሊስ)ን ሓወልዕ (ደንደን) 1ብ1 ኣብ ምድብ ግዜ ተዛዚሙ፤ ቀብርወእት ብፍጹም ቅላዕ 4ብ3 ተዓዊታ። ሓላው ልዳታ ኤቨንኤዘር ኣፈወርቂ ድማ ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሜዳ ቦቸፊላ'ውን ኣብ ሰዓታት ቅ.ቐ ኵዕሶ ሰከዐት ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀብርወእት ንዊና 72ብ55፡ ሓወልዕ ንዜሮ 56ብ49 ክስዕራ እንከለዋ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ ጀልሃንቲ ንዓረርብ 37ብ26 ስዒረንኣ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ኵዕሶ ሰከዐት፡ ዓረርብ (ንስሪ) ምስ ግልዕ (ተኽሊ) ብደቂ ኣንስትዮ፡ ዜሮ (ንስሪ) ምስ ዊና (ተኣኸቲ) ብደቂ ተባዕትዮ ክጸወታ እየን።

ኣብ ኵዕሶ እግሪ ከኣ ብደቂ ኣንስትዮ ጉዳይም (ኢንሹራንስ) ምስ ጀልሃንቲ (ምም/ሰምባል)፡ ግልዕ (ኩ/ህ/ሰገን) ምስ ዓራግ (ታለንት ዞ/ማ)፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ዌት (ኣልታሕረር) ምስ ዓራግ (ቀይሕ ባሕሪ)፡ ጀልሃንቲ (ኣስመራ በራ) ምስ ግልዕ (ኩ/ህ/ሰገን) ጸወታ ተሰሪዑለን ምህላው፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።



## ምባፐ፡ ሓሙሻይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ . . .

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ - ኪልያን ምባፐ፡ ሓሙሻይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኮይኑ - ብ71 ሽቶታት።

እዚ ፈረንሳዊ፡ ሰለስ ምሸት ኣብ ልዕሊ ኢንተር ሚላን 2ብ1 ኣብ ዝተዓወቱሉ ቀዳማይ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ 2026-27፡ ንቅዳመይቲ ሽቶ ኣመዝጊቡዋ።

በዚ ድማ ኣብ 90 ግጥማት ናይዚ ውድድር፡ 71 ሽቶታት ብምብጻሑ፡ ምስ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ራውል ጎንዛለዝ ተመዓራርዩ ኣሎ። ራውል ግን፡ ኣብ 142 ግጥማት እዚ ብዝሒ ስለዝበጽሖ፡ ብዝውሓደ ግጥማት ምባፐ ኣርኪብዎ ኣሎ።

ካሪም በንዜማ 90 ሽቶታት፡ ሮበርቶ ለዋንዶውስኪ - 109፡ ሊዮኔል ሜሲ - 129 ከምኡ'ውን ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ናይዚ ውድድር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ብ141 ሽቶታት፡ ቀድሚ ምባፐ ይስርዑ።

እዚ ፈጣን ኣጥቃዓይ፡ በዚ ሒዝዎ ዘሎ ቅልጣፈ ንገለ ኣብ ቅድሚኡ ዘለዉ ተጻወትቲ ክቕድሞም ትጽቢት ይግበር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ሽቶ ማሽን ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ኣብቲ ምሸት ክልተ ሽቶታት ብምቑጻር፡ ካብ 59 ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ 59 ሽቶታት በጺሑ። ብሪሾ ክርእ እንከሎ፡ ሓንቲ ሽቶ ኣብ ሓንቲ ጸወታ ዘቑጸረ ሃላንድ፡ ን60 ሽቶታት ዘመዝገበ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ቫን ኒስተርሎይ ሰዒቡ፡ ሻሙናይ ዝለዓለ ተሰሪዑ ኣሎ። ኣብ ቀረባ ግዜ ንኒስተርሎይ ክሓልፎ፡ ክንጽኡ ከኣ ኣብዚ ወቕቲ ንራውል ክጽግዮ ወይ ክየልብጦ ይግመት።




## ከረን፡ ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት ፈሊሙ

ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ፡ ሸሞንተ ንኡሳን ዞባታት ዘሳተፉ ሻምፕዮን ትሕቲ 17 ዓመት ኣብ ከተማ ከረን ይሰላሰል ኣሎ።

እዚ ብ7 መስከረም ዝጀመረ ውድድር፡ ብቐዳሚ ትማሊ ኣርባዕተ ግጥማት ኣሰላሲሉ። ቀዳሚ ቀትሪ ዝተጻወታ ጋንታታት ሓጋዝን ኣስማጥን ሚዛናዊ ጸወታ ድሕሪ ምርኣይ 0ብ0 ተፈላልየን። ተጻዋታይ ኣስማጥ - መብረኽ ሳልሕ፡ ብልጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ጸወታ ጋንታታት ከረንን ገለብን፡ ብዓወት ከረን 3ብ1 ክዕጾ እንከሎ፡ መሳጢ ጸወታ ዘንጸባረቐ መስጠፋ መሓመድኑር ካብ ከረን ድማ፡ ብልጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ድሕሪ ቀትሪ፡ ቀዲመን ዓዲተከሌዛንን ዲባርዕድን ገጢመን። ብዓወት ዲባርዕድ 3ብ1 ኣብ ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ኣቤል ዲባርዕድ ኣዶናይ ተስፋሚካኤል፡ ብልጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ብዘይካዚ፡ ግጥም ሓልሓልን ሓመልማሎን ኣብቲ ዕለት ተኻይዱ። ሓልሓል 3ብ1 ኣብ ዝተዓወተትሉ ድማ፡ ኣቦ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ብልጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

## ውሽጣዊ ውድድር ሓይሊ ኣየር ይሰላሰል ኣሎ

ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር፡ ሶሉይ 7 መስከረም ናይ ዝተፈላለዩ ርሕቀታት ጉያ ኣሰላሲሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ 100 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቅሳነት የዕበዮ ካብ ጋንታ ርቤት፡ ሳብሪን ፋትኣል ካብ ሕድራ፡ ቅሳነት ተኽሎም ካብ ጹሓይ በርቂ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትየን።

ኣብ 200 ሜትሮ፡ ሻም ገብረያናስ - መሰረት፡ ቅሳነት የዕበዮ - ርቤት፡ ብሌን በርሀት - ሕድራ፡ 400 ሜትሮ፡ ሻም ገብረያናስ፡ ሳብሪን ፋትኣል፡ ጀዋሂር እድሪስ - ሓለብት፣ ኣብ 800 ሜትሮ፡ ንያት ገብረትንሳኤ - ጹሓይ በርቂ፡ ኣለም ገብረብርሃን - መሰረት፡ ሻም ገብረያናስ፣ ከምኡ'ውን ኣብ 1500 ሜትሮ፡ ንያት ገብረትንሳኤ፡ ኣለም ገብረብርሃን፡ ፍርቱና ዘርኡ - ሓለብት ተዓዊተን።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ 100 ሜትሮ፡ ዑስማን ሓሰን ካብ ጹሓይ በርቂ፡ ኢስሮም መሓሪ ካብ ፈንቅል፡ ሚኤል ተስፋማርያም ካብ ሓለብት፣ ኣብ 200 ሜትሮ ዑስማን ሓሰን - ጹሓይ በርቂ፡ ኢስሮም መሓሪ - ፈንቅል፡ ኣቤል የማነ - ርቤት፡ ኣብ 400 ሜትሮ ፍጹም መንግስትኣብ - ጹሓይ በርቂ፡ ፍረስላም የማነ - ሓለብት፡ የናስ ተስፋልደት - ዊና ተዓዊቶም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ 800 ሜትሮ፡ ማትዮስ ሞገስ - ሕድራ፡ ፍረስላም የማነ - ሓለብት፡ ሰራቕ ተኽለ - ርቤት፡ ኣብ 1500 ሜትሮ ዓወት ሓድጉ - ሓለብት፡ ሰራቕ ተኽለ - ርቤት፡ ዳኒኤል ኣድሓኖም - ሓለብት፡ ኣብ 10 ሽሕ ሜትሮ ድማ፡ ርእሶም ንገሰ ካብ መሰረት፡ ኣሕመድ ዑመር ካብ ፈንቅል፡ ሮመዳን መሓመድ ካብ ሓለብት ምዕዋቶም ተሓቢሩ።

## "ሃላንድ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ክኸውን እዩ" ካራገር

ናይ ቀደም ተኸላኻሊ ክለብ ሊቨርፑል - ጄሚ ካራገር፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።



ሃላንድ፡ ሰሉስ ምሸት፡ ጋንታኡ ኣብ ቀዳማይ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይዚ ወቕቲ ናብ ፖርቶ ተጓዒዛ 2ብ0 ኣብ ዝተዓወተትሉ ግጥም፡ ንክልቲኤን ሽቶታት ኣመዝጊቡወን። ካብ 59 ግጥማት ናይቲ ውድድር፡ 59 ሽቶታት ድማ በጺሑ።

እዚ ዓርሞሽሽ ተጻዋታይ፡ ብማልያ ማን ሲቲ ካብ 203 ግጥማት፡ 167 ሽቶታት በጺሑ ኣሎ። ዛጊት ንዝወከለን ላዕለዎት ክለባትን ሃገሩ ኖርወይን 424 ግጥማት ከካይድ እንከሎ፡ ብድምር 364 ሽቶታት በጺሑ ይርከብ።

ሽቶ ብምምዝጋብ ዓቕሚ ናይዚ መንእሰይ ዝተደነቐ ካራገር ድማ፡ "ሃላንድ፡ 1000 ሽቶታት ክበጽሕ ወይ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ዘይኮነሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን።" ኩብል ነዚ ኣሃዝ ክበጽሖ ከምዝኽእል እምነቱ ገሊጹ።

ብ39 ሽቶታት "ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ማን ሲቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ" ኮይኑ ምስ ሰርጆ ኣጉዌሮ ተመዓራርዩ ዘሎ ሃላንድ፡ ኣብ ዝቕጽል ጸወታ ነዚ ኩብረ ወሰን ናይ ብሕቱ ከምዝገብሮ ኣየጠራጥርን።

1000 ፕሮፈሽናል ሽቶታት ኣብ ዝለዓሉ ሊጋት ከመዝግብ ቀሪቡ ዘሎ ተጻዋታይ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ምኳኑ ይፍለጥ። እዚ ፖርቱጋላዊ፡ 978 ሽቶታት በጺሑ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ፈነርባቸ - ሮማ 7:45 ድ.ቀ

ፒኤስቪ - ቫክታር ዶኔክ 7:45 ድ.ቀ

ባየር ሙኒክ - ቦዶ 10:00 ድ.ቀ

ስላቪያ ፕራጋ - ለንስ 10:00 ድ.ቀ

ኮሞ - ኣርቢ ሌፕዚግ 10:00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ሳባሕ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## መራሕቲ ሩስያን ኣመሪካን ብቴለፎን ይዘራረቡ



ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲንን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን፡ ትማሊ ሰሉስ ብቴለፎን ዘካየድዎ ዝርርብ ኣዝዩ ሃናጺን ግሉጽን ምንባሩ፡ ተሓላሊጋዚ ፕረዚደንት ሩሲያ ዩሪ ኡሻኮቭ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኡሻኮቭ፡ ኣብ'ቲ ሓደ ሰዓት ዝወሰደ ናይ ተሌፎን ርክብ፡ ፑቲን ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ዝኾነ ተጻብኦ ዕላማ ከም ዘይብላ ኣብሪሁ።

ንሱ ወሲኹ፡ "እቲ ብዛዕባ ስግኣት ሩሲያ ዝዝርጋሕ ዘሎ ጸወታዊ,ያት፡ ሃገራት ኤውሮጳ ንጻብሬን ዝህብኦ ወተሃደራዊ ደገፍ ንምዝያደን ናይ ገዛእ ርእሰን ወተሃደራዊ ወጻኢታት ድማ ንምዕባይን ከም መሸፈኒ ይጥቀማሉ ኣለዉ" ኢሉ።

ትራምፕ ብወገኑ፡ ኩናት ዩክሬን ብቐልጡፍ ኩብቅዕ ከም ዘለዎ ብምንጻር፡ ሩሲያ ዝኾነ ዝሕግዘ ስጉምቲ ምስ እትወስድ፡ ዝምድና ሞስኮን ዋሽንግተንን ምሉእ ብምሉእ ናብ ንቡር ንኽምለስ ሓጋዚ ከም ዝኾውን ኣረዲኡ።

እቶም መራሕቲ ኣብ ዝርርቦም፡ ኣብ ቀጻሊ ርክቦም ክሐይሉ ከም እተሰማምዑ ዝገለጸ ዩሪ ኡሻኮቭ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ክደዋወሉ ምኳኖም ሓቢሩ።

## ትራምፕ፡ ሓድሽ ካርታ ሃገሩ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ለጢፉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ'ቲ ባዕሉ ዝውንኖ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ዝዘርገሖ ሓድሽ ካርታ ኣመሪካ፡ ኣብ ሰሜን ኣትላንቲክ ቀጥዕ ፈጢሩ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ትራምፕ ዝለጠፎ ሓድሽ ካርታ፡ ንመላእ ሰሜን ኣመሪካን ግሪንላንድን ኣይስላንድን ዘጠቓለለ ምኳኑ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ትራምፕ፡ ነቲ ዘዳለዎ ሓድሽ ካርታ ብባንዴራ ኣመሪካ ከም ዝሸፈኖ ገይሩ እዩ ኣቕሪቡዎ ዘሎ።

ትሩዝ ሶሻል፡ ዚ ሓድሽ ካርታ ኣመልኪቱ ዝኾነ መብርሂ እንተ ዘይሃበ፡ እቲ ስጉምቲ ግን ነቲ ትራምፕ ኣቐዲሙ ንካናዳ መበል 51 ግዝኣት ሃገሩ ክትኮውን ምኳኑ ዘስምዖ ዝነበረ ታህዲዳት፡ ከምኡ ድማ ግዝኣት ዴንማርክ ንዝኾነት ርእሰ ምምሕዳራዊት ግሪንላንድ ንምቁጽጻር ዝነብሮ ዝነበረ ፈተነታት ዘዘኻኽር ምኳኑ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዴንማርክ ላርስ ሎካ ራስሙሰን ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እዚ ሓድሽ ካርታ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ሰፍሕ ዝበለ (ማክሲማሊስት) ራኢይ ኣብ ኣእምሮኡ ኣቐሚጡ ከም ዘሎ ዘርኢ ምልክት እዩ። ዚ ድማ ከነገርትኦ ኣለና" ክብል ኣገዚቡ።




ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣይስላንድ ቶርገርዱር ካትሪን ብወገና፡ ንኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሃገራ ናብ ቤት ጽሕፈታ ብምጽዋዕ፡ እቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝተለጠፈ ሓድሽ ካርታ ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ብንጹር ከም ዝሓበረቶ፡ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

## እስራኤል፡ ንቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ብሪጣንያ ትዓጹ

እስራኤል፡ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም (ምብራቕ ኢየሩሳሌም) ዝርከብ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ዓባይ ብሪጣንያ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክዕጾ ከም ዝኣዘዘት ተሓቢሩ።

እስራኤል ነዚ ትእዛዝ ዘመሓላለፈት፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት እስራኤል ንግዳዊ እገዳ ድሕሪ ምጽዋዑ እዩ።

እስራኤል፡ እቲ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክዕጾ ምኳኑ ንብሪጣንያ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ'ቲ ቆንስል ዝሰርሑ ዲፕሎማሲያታት ብሪጣንያ'ውን ድሕሪ 30 መዓልታት ከም ዲፕሎማሲያታት ከም ዘይትፈልጦም ከም ዘፍለጠታ፡ ሮይተርስ ንኽልተ ሰበ ስልጣን እስራኤልን ካልኦት ምንጭታትን ብምጥቃስ ትማሊ ረቡዕ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ጊዴዎን ሳር፡ ብሪጣንያ ካብ'ቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ኣህጉራዊ 'ተልእኾ ቓላ' ከም እትወጽእን፡ መራሒ ሰልፊ ለይበር ነበር ጀረሚ ኮርቢን ዝርከብዎም ሓያሎ ኣባላት ባይቶ ብሪጣንያ ድማ ናብ እስራኤል ከይኣትዉ ክኽልከሉ ምኳኖም ኣፍሊጡ'ሎ።

ሳር፡ ነቲ ኣብ ዝመጸእ ወርሒ ዝካየድ ምርጫ እስራኤል ብምጥቃስ፡ "ብሪጣንያ ኣብ ጉዳይ ልኡላዊት ሃገርን ማስርሕ ምርጫኣን ኢዳ ብቐሊዕ ተእቱ ኣላ" ክብል'ውን ከሲሱ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ኢድ ሚሊባንድ ብወገኑ፡ ብውሳነ እስራኤል ከም ዝሓዘነ እኳ እንተ ገለጸ፡ ዘገርም ከም ዘይኮነ ግን ሓቢሩ።

ፈረንሳን ካናዳን ብወገነን፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ካብ ዝርከብ ሰፈራታት እስራኤል ንዝለኣኸለን ንግዳዊ ፍርያት ከም ዝእግዳ ክገልጻ እንከለዋ፡ ዴንማርክን ፖርቱጋልን ዝርከብኦን ካልኦት ትሸዓተ ሃገራት ድማ፡ ብሪጣንያ ንዝወሰደቶ ስጉምቲ ደጊፈንኦ ኣለዋ።



ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ካናዳን ኣብ 2025 ንፍልስጤም ከም ሃገር ብወግዒ ኣፍልጦ ዝሃባ ኮይነን ቅድሚ ሕጂ'ውን እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ትፍጽም ከም ዘላ ብምኽንያት፡ ኣብ ልዕሊ ሰፈራታታን ሚኒስተራታን እገዳ ኣንቢረን ዝነበራ ሃገራት እየን።

## ኢራንን ኣመሪካን፡ ሕነ ናይ ምፍዳይ መጥቃዕትታት የካይዳ

ኢራን ንሓንቲ መርከብ ወግእ ኣመሪካ ክልተ ግዜ ዒላማ መጥቃዕታ ድሕሪ ምግባራ፡ ሓይልታት ኣመሪካ ኣብ ዘካየድዎ ናይ ሕነ መጥቃዕቲ ንሓሙሽተ ናይ ነዳዲ መራኽብ ኢራን ብምውቃዕ ከም ዘጥሓላ፡ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ (ሴንትኮም) ኣፍሊጡ።

ከም መልሰ ግብሪ ናይ'ዚ ድማ፡ ኢራን ኣብ የርዳኖስ ናብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ሚሳይላት ከም ዝወንጨፈት ተሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ የርዳኖስ ካብ'ቲ ዝተወንጨፈ 20 ሚሳይላት ኢራን ነቲ 18 ከም ዘበርዓኖ ክትገልጽ ከላ፡ እቲ ዝተረፈ ክልተ ሚሳይላት ድማ ህዝቢ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታት ከም ዝወደቓ ገሊጻ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጽበብ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ክልተ መራኽብ ኣመሪካ'ውን ሸሞንተ ናይ ነዳዲ መራኽበን መጥቃዕቲ ከም እተፈጸመ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ሓቢሩ።

ኣመሪካ ብእስራኤል ተሓጊዛ ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ካብ እትጀምር ልዕሊ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ሓሊፉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕትታት እናሓደሰ ይመጽእ ከም ዘሎ'ዩ ዝግለጽ።



በዚ ምኽንያት ድማ ዋጋ ነዳዲ ኣብ መላእ ዓለም ክወሰኽ ይርአ ምህላዉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ባንግላደሽ - ቁጽሪ ብሕማም ንፍዮ ዝሞቱ ህጻናት ወሲኹ



ኣብ ባንግላደሽ፡ ቁጽሪ ብሕማም ንፍዮ ናይ ዝሞቱ ህጻናት፡ ካብ ዝሓለፈ መጋቢት ጀሚሩ ሓደ ሽሕ ከም ዝበጽሐ፡ ሰበ ስልጣን ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ትማሊ ረቡዕ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሽፈነ ክታበት ዝተራእየ ንድሕረት ናይ ምምላስ ተርእዩ፡ ነቲ ለበዳ ኣጋዲድዎ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ እቶም ሰበ ስልጣን ተኣሚኖም ኣለዉ።

እታ 170 ሚልዮን ህዝቢ ዝነበረላ ደቡብ ኤስያዊት ሃገር፡ ብሰንኪ ንፍዮ ዝሰዓበ 1,002 ሞትን 187,484 መልከፍቲን ህጻናት ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተታት ዓመታት ካብ ዝጋጠሙ ተመሳሳሊ ለበዳታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ ምህላዉ፡ ዋና ዳይረክተር ኣገልግሎት ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ መልከፍትን ሞትን ነቲ ኣቐዲሙ ተኸሲቱ ብዝጸንሐ ሕማም ደንጊ ቅልውላው ኣጋጢምዎ ዘሎ ስርዓት ሕክምና ናይ'ታ ሃገር ተወሳኺ ተጻዕኖ ኮይኑዎ ከም ዘሎ ይግለጽ።

ባንግላደሽ ካብ ዝሓለፈ ጥሪ ክሳብ ሕጂ ዛጊት 45,475 መልከፍቲ ደንጊን 130 ሞትን ኣመዝጊባ ኣላ።

ኣብ ባንግላደሽ ኣብ 2023 እውን 321,017 ሰባት በቲ ብጣንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም ደንጊ ተለኺፎም ከም ዝነበሩ ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 10/09/2026 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሸሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565